ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.297 | ሓሙስ 13 ነሓሰ 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ተራ ትምህርቲ ኣብ ተክኖሎጂያዊ ገስጋስ ሃገራት


ገጽ 4
ትርጉም “ሃገርን ሓድነትን” ኣብ ኢትዮጵያ



ገጽ 5
ሑርያ ስንቂ መሊኣ’ያ


ገጽ 7
ምልክታ

# ማእከል - ብቕድመ-ትምህርቲ ናይ ዝሓልፉ ተመሃሮ ቁጽሪ ልዕሊ 98 ሚእታዊት በጺሑ





ስእሊ - ፊያሜት መስፍን

ኣብ ዞባ ማእከል፡ ኣብ ዓመት-ትምህርቲ 2025/2026 ብቕድመ-ትምህርቲ ናብ መባእታ ናይ ዝሰገሩ ተመሃሮ መጠን 98.5 ሚእታዊት ከም ዝበጽሐ፡ ብ11 ነሓሰ ኣብ ዝተኻየደ ዓመታዊ ገምጋም ጨንፈር ትምህርቲ ተገሊጹ።

ኣብ’ቲ ጨንፈር ሓላፊ ምምሕዳርን ፋይናንስ መምህር መስፍን ወልደስላሴ ኣብ ዘስመዖ መኽፈቲ ቃል፡ ውጽኢት ትምህርቲ ንምብራኽ ኣብ ዝካየድ ዘሎ ጻዕሪ፡ ተሳትፎ ወለዲ፡ ተመሃሮን መምህራንን ክሕይል ኣዘኻኺሩ።

ብበኣሃዱኡ ኣብ ዝቐረበ ጸብጻብት፡ ብቐዓት ትምህርትን ተመሃሮን ኩብ ንምባል ንዝግበር ዘሎ ጻዕሪ ንምድራፅን ድኻማት ኣለሊኻ መሰረታዊ ለውጢ ንምምጻእን ኣብ ኣገልግሎት ቅድመ-ትምህርቲ ወፍሪ ኩብ ዝጅመር፡ ተሳታፍነት ተመሃሮ ኣብ ውሽጢ ዓመት ብ6 ሚእታዊት፣ ብዝሒ መምህራን ከኣ ብ30 ሚእታዊት ኩብ ከም ዝበለ በሪሁ።

ንብቕዓት ትምህርቲ ብሓፈሻ ብዝምልከት፡ መጠን ምሕላፍ ኣብ መባእታ ክሳብ 11 ክፍሊ 89.3 ሚእታዊት ክበጽሕ ከሎ፡ መጠን ምቁራጽን ምትራፍን ኣብ ደሓን ደረጃ ከም ዝርከብ፡ ኣብ’ቲ ጸብጻብት ተጠቒሱ።

ተሳተፍቲ ድሕሪ ዘካየድዎ ዘተን ክትዕን፡ ኣብ ኣመዳድባ መምህራን ኣተኩሮ ክግበር፣ ብቕዓት መምህራን ንምዕባይ ስልጠናታት ክወሃብን ብግቡእ ክግምገምን፣ ጽቡትን ጽኑዕን መምሃሪ ክፍልታት ቁላሕታ ክግበረሉ፣ ከምኡ’ውን መንበሪ ኣባይቲ መምህራን ክሕሰበሉ ዝብልን ካልእን ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

ኣብ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኮሎኔል ገብረሃንስ ወልደገርግሽ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ትምህርቲ መሰረታዊ መሰል ዜጋታት ስለዝኾነ፡ መንግስቲ ዓቢ ኣተኩሮ ሂቡ ይሰርሓሉ ከም ዘሎ ብምግላጽ፡ ብቕዓት ትምህርትን ትሕተ-ቅርጻን ንምምሕያሽ ተራ ኣመሓደርትን ኮምን ክዓዝዝ ኣተሓሳሰበ።

ሚኒስተር ትምህርቲ ዶ/ር ሓሊማ መሓመድ ኣብ መወዳእታ፡ ትምህርቲ - ብውህደት እንተተሰሪሑሉ ዝዕወት ወፍሪ ህንጸት ሃገር ከም ዝኾነ ብምጥቃስ፡ ብቑዓት ዜጋታት ንምፍራይ፡ ኣብ ቅድመ-ትምህርቲ ተበጊሱ ዘሎ ወፍሪ ክዕወት ናይ ኩሉ ኣካል ዕዮ ገዛ ከም ዝኾነ ኣገንዚባ።

ኣብ ዞባ ማእከል፡ 175 ናይ ቅድመ-ትምህርቲ፣ 103 ናይ መባእታ፣ 51 ናይ ማእከላይ ደረጃ፣ 22 ድማ ናይ ካልኣይ ደረጃ - ብጠቕላላ 354 ኣብያተ-ትምህርቲ ኣለዋ።

# ዓንሰባ - ወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት ኣዕጋቢ ውጽኢት ይርከቦ’ሎ

ኣብ ዞባ ዓንሰባ - ንኡሳን ዞባታት ሓጋዝን ሓልሓልን ብወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት ዝሰላሰል ዘሎ ማሕበራዊ ንጥፈታት ውጽኢቱ ዝምስገን ምኻኑ ተሓቢሩ።

እቲ ወፍሪ፡ ምዕቃብ ማይን ሓመድን፣ ምስራሕ ከትርታትን ዛላታትን፣ ምኽሪኻስ ኣግራብ፣ ምዃዓት ጎዳጉድን ምትካል ፈልሲታትን የጠቓልል።

ኣወሃሃዲ ናይ’ቲ ወፍሪ ኣብ ንኡስ ዞባ ሓጋዝ መምህር ፈረጅ መሓመድ-እድሪስ፡ 51 ሚእታዊት ደቀኣንስትዮ ዝርከብኦም 969 ተመሃሮ፡ ብክኢላታት ሕርሻ፡ መምህራንን ኣጋር ሓላዪምን እናተኣለዩ ይነጥፉ ከም ዘለዉ ብምሕባር፡ ዝርኣይዎ ዘለዉ ልዑል ናይ ስራሕ ወኒ መጕሱ።

ኣብ ቤት-ጽሕፈት ሕርሻ ንኡስ ዞባ ሓጋዝ ክኢላ ሕርሻዊ ምህንድስና ኢንጅነር ብሂሞት ዓይነኣለም ብወገኑ፡ ዛጊት 150 ሜትሮ ኩቦ ከትርታትን ኣስታት ሓደ ኪሎሜትር ዛላታትን ክስራሕ ከሎ ልዕሊ 15 ኪሎ-ሜትር ከም እተጸገነ፣ ከምኡ’ውን 2,500 ኣግራብ ከም እተኸስኩሰን ንፈልሲ ዝኸውን 2 ሽሕ ጎዳጉዲ ከም እተኻዕተን ሓቢሩ።

እዚ ከም’ዚ’ሉ እንከሎ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ሓልሓል 314 ደቀኣንስትዮ ዝርከብኦም 700 ተመሃሮ፡ ኣብ 4 ነቑጣታት ተዋፊሮም ተመሳሳሊ ስራሕ የሰላስሉ ከም ዘለዉ፡ ኣወሃሃዲ ናይ’ቲ ወፍሪ መምህር ማሕሙድ ኣቡበከር ገሊጹ።

እቲ ወፍሪ ክንዮ’ቲ ኣብ ባይታ ዝስራሕ፡ ኣብ ተመሃሮ ዝኸሰትሶ ክብርታት ስራሕ ልዑል ምዃኑ ዝሓብሩ ኣለይቲ መምህራን፡ መደባት ምግራብ ብዘሰፍሐ ክድፋኣሉ ተላብዮም።

ወፍሮ ብወገኖም፡ ብመምህራኖምን ክኢላታትን ንዝግበረሎም ደገፍን ምትብባዕን ብምምስጋን፡ ዝተዋህቦም ዕማም ንምዕዋት ዘለዎም ድሉውነት ኣረጋጊጾም።

# ሓልሓል - ኣብ ትካላት ጥዕና ትሕተ-ቅርጻዊ ስራሕ ተሰላሲሉ



ኣብ ማእከል ጥዕና ሓልሓል ዝተገብረ ህንጻውን ትሕተ-ቅርጻውን ጽገናዊ ስራሕ፡ ኣብ ምምሕያሽ ዝወሃብ ኣገልግሎት ኣበርክቶ ይገብር ከም ዘሎ፡ ሓላፊ ኣገልግሎት ጥዕና ናይ’ቲ ንኡስ ዞባ ነርስ ሳልሕ ኣቡበከር ሓቢሩ።

እቲ ጽገና ዝተገብረሉ ክፍልታት፡ ናይ ኣገልግሎት መወልዳን፡ መርኣዩን መመርመሪን፡ ክታበትን ፋርማስን፡ መጸበዪ ሕሙማትን ቤተ-ፈተነን፡ ከምኡ’ውን ኣርባዕተ ክፍልታት መንበሪ ሓካይም የጠቓልል።

እታ ማእከል ጥዕና ብሰንኪ ዝጸንሓ ጸገማት እቲ ዝድለ ኣገልግሎት ክትህብ ከም ዘይጸንሐት ዝገለጸ ነርስ ሳልሕ፡ ኣብ’ዚ ግዜ’ዚ ብውህደት ህዝብን መንግስትን መሰረታዊ ጽገና ስለዝተገብረላ፡ ኣብ እትህቦ ኣገልግሎት ዓይነታዊ ለውጢ ከም ዘመጽእ ኣነጺሩ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሓልሓል ኣቶ ግርማጼን ኣብርሃ ብወገኑ፡ እቲ ዝተኻየደ ጽገና ኣካል ናይ’ቲ ጽፉፍን ዝተማልአን ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ንምርግጋጽ ዝግበር ጻዕሪ ከም ዝኾነ ብምጥቃስ፡ ምምሕዳር ዞባ ዓንሰባ ንዝገበሮ ደገፍ መጕሱ።

ማእከል ጥዕና ሓልሓል፡ ንነበርቲ ምምሕዳራት ከባቢ ሓልሓል፡ ማይ-ኣዋልድን ፈንሸበኩን ኣገልግሎት ትህብ።

**ዜና**

# ፍሮ - መእለዪ ወሓይዝ ይስራሕ ኣሎ



ኣብ ንኡስ ዞባ ፍሮ - ምህርቲ ሕርሻ ንምድንፋዕ ክኣዩድ ብዘጸንሐ ንጥፈታት፡ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ሮብሮቢያ ብጠቕላላ ኣስታት 600 ሄክታር ዘሰቲ መእለዪ ወሓይዝ ይስራሕ ኣሎ።

ኮቲ ስራሕ ዝመርሕ ዘሎ ኢንጂነር ዳዊት ተኽለሚካኤል ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቲ መእለዪ ወሓይዝ ኣብ ገርሳባ፡ መድሕዳን ኣዶዳዕን ይህንጽ ከምዘሎ ብምግላጽ፡ ካብ 3 ክሳብ 3.5 ሜትሮ ብራኸን ልዕሊ 460 ሜትሮ ንውሓትን ከምዘለዎ፣ 90 ሚእታዊት ካብ ስራሓቱ ድማ ከምእተዛዘመ ኣረዲኡ።

ነበርቲ ብግደኦም፡ ቅድሚ ሕጂ ብመልክዕ ወፈራታት ብሓመድ ይስራሕ ስለዝነበረ፡ ሓያል ውሕጅ ኣብ ዘጋጥመሉ ብቐጻሊ ይፈርስ ምንባሩ፣ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ግን ብእምኒን ስሚንቶን ይንደቕ ስለዘሎ ንነዊሕ ዓመታት ከምዘገልግል ዘለዎም እምንቶ ብምግላጽ፡ ንዝተገበረሎም ደገፍ ኣመስጊኖም።

ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ሕርሻ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ተስፋይ ተወልደ ብወገኑ፡ ነበርቲ ብሩባ ሓዳስ ዘወርድ ውሕጅ ንምእላይ ብኣብዑርን ጉልበት ሰብን፣ ከምኡውን ብሓገዝ ማሽነሪ ሓያል ናይ ምዕቃብ ማይን ሓመድን ስራሓት ክካየዱ'ኳ እንተጸንሑ ኣድማዒ ከምዘይነበረ ብምንጻር፡ እቲ ዝግበር ዘሎ ብእምኒን ስሚንቶን ናይ ምንዳቕ ስራሕ ግን ነባሪ ፍታሕ ብምምጻእ፡ ጥቡ ዝበለት ማይ ኣብ መዓላ ከምእትውዕል ኣረጋጊጹ።

ድሮ ቀዳማይ ገጽ ናይ'ቲ ስራሕ ተዛዚሙ ብምህላዉ፡ ሓረስቶት ቡቲ መእለዪ ውሕጅ ንዝሓልፍ ማይ ናብ ግራውቶም ናይ ምእላይ ስራሓት ንምስልሳል ብዕቱብ ክነጥፉ ብምልባዉ፡ ኮቲ ስራሕ ንምዝዛም ንዝተራእየ ተወፋይነት መጉሱ።

ምምሕዳር ከባቢ ሮብሮቢያ፡ ካብ ሓውሲ ከተማ ፍሮ ንሸነኽ ሰሜናዊ ምዕራብ ኣስታት 15 ኪሎ-ሜተር ርሒቑ ዝርከብ ኮይኑ፡ ኣብ 800 ስድራቤታት ዝጥርነፉ ልዕሊ 4 ሽሕ ነበርቲ ኣለውዎ።

# ኣቑርደት - ኣብ ምድንፋዕ ዝምድናታት ዕዮ ዘተኮረ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ

ኣብ ንኡስ ዞባ ኣቑርደት፡ ብጨንፈር ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዞባ ጋሽ-ባርካ ዝተወደበ፡ ኣብ ምድልዳል ዝምድናታት ዕዮ ብሓፈሻ ኣብ መንጎ ሰራሕተኛታትን ኣስራሕትን ክህሉ ዝግባእ ናይ ስራሕ ዝምድና ድማ ብፍላይ ዘተኮረ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ።

ኣብ'ቲ ብ6 ነሓሰ ንሰራሕተኛታትን ወከንትን ትካላት ዝተዋህበ ኣስተምህሮ፡ ሓላፊ ኣሃዱ ዕዮ ኣቶ ሙብራህቱ ረዘነ ኣብ ዘመሓላለፎ መልእኽቱ፡ ወከንቲ ትካላትን ኣስራሕትን - ዕብየት ትካል ኣብ ብቕዓት ሰራሕተኛታት፡ ዓይነት ኣቕርቦትን እንግዶትን ከምዝምርኮስ ተገንዚቦም፡ ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ጸቒጦም ክሰርሑ ኣተሓሳሲቡ።

ቀዳማይ ዳኛ ቤት-ፍርዲ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣቶ ተኽለ ኣከሎም ብወገኑ፡ ሰራሕተኛታት መሰላቶም ተሓልዩ ብዘይኣድልዎን ውሕስነቱ ብዘተሓለወ ኣገባብን ዝጸዱሉ ባይታ ክፍጠረሎም፣ ሰራሕተኛታት ድማ ዝሕተትዎ ግቡኣት ብምምላእ ንዕብየት ትካሎም ብትግሃትን ተወፋይነትን ክሰርሑ ከምዝግባእ ብምግላጽ፡ ብፍላጥ ኮነ ብዘይፍላጥ ኣብ ልዕሊ ሰራሕተኛታት ዝፍጸም ኣድልዎ ወይ በደል ሕጋዊ ስጉምቲ ከምዘኸትል ገሊጹ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ኣቑርደት ኣቶ ኢሳቕ ጥዑም ድማ፡ እቲ ኣስተምህሮ ኣብ ዝምድናታት ዕዮ ንዘጸንሐ መረዳእታ ብምብራኽ፡ ኣብ መንጎ ሰራሕተኛታትን ኣስራሕትን ዝኸሰቱ ክርክራት ኣብ ምፍታሕ ልዑል ኣስተዋጽኦ ከምዘህልዎ ብምጥቃስ፡ ብቐጻሊ ክካየድ ኣዘኻኺሩ።

# ማይምነ - መደበር ፈልሲ ኣትኳሮ ጠለባት ገረብቲ ንምምላእ ትነጥፍ

ኣብ ንኡስ ዞባ ማይ-ምነ እትርከብ መደበር ፈልሲ ኣትኳሮ፡ ጠለባት ገረብቲ ዘማልእ ምድላዋት ብምግባር መደባት ምግራብ ንምዕዋት ልዑል ኣስተዋጽኦ ትገብር ከምዘላ ተሓቢሩ።

እታ መደበር ፈልሲ፡ ሎሚ ዓመት ንዝሰላሰል ንጥፈታት ምግራብ ልዕሊ 170 ሽሕ ፈልስታት ከምዘዳለወት፣ ሙብዝሕትኡ ካብ ምስ'ቲ ከባቢ ዝሰማማዕ 22 ዓይነታት መበቈላውን ዘይመበቈላውን ኣግራብ ከምዝኾኑ፡ ወኪል ብዓል-ሰልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን ኣቶ መዓሾ ኀይቶኦም ገሊጹ።

እቲ ፈልስታት፡ ድሮ ብውልቀ ገረብትን ወፋሮ ክረምታዊ ልምዓትን ኣብ ቀላጥ ቦታታት፡ ሕዛእትታትን ናይ እምነት ቦታታትን ይትከል ከምዘሎ ብተወሳኺ ኣረዲኡ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ጸሮና ተዋፊሮም ዘለዉ ተመሃሮ ክረምታዊ ልምዓት፡ ንዝተዋህቦም ዕማማት ምዕቃብ ማይን ሓመድን ብግቡእ የሰላስሉ ከምዘለዉ፡ ብዓል ሞያ ሕርሻ መሃንድስ ዜና ግርማይ ሓቢሩ።

እቶም ተመሃሮ፡ ኣብ ምስራሕ ዘላታትን ከትሪታትን፡ ምትካል ፈልሲታትን ምኹስኳስ ኣግራብን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ምጽጋን ዛላታትን ከትርታትን ይነጥፉ ኣለዉ።

ዛጊት ድማ፡ ኣስታት 30 ኪሎ-ሜተር ቅናታዊ ዛላታት፡ 549 ሜትሮ ኩቦ ከትርታት፡ ከምኡ'ውን ልዕሊ 900 ንፈልሲ ዘገልግል ጎዳጉዲ ከምዝዓመሙ ክፍለጥ ተኻኢሉ'ሎ።

# ሓጋዝ - ኣብ ትግባረ መደባት ልምዓት ተዘቲዩ

ኣብ ሓጋዝ፡ ብ9 ነሓሰ ኣብ ገሊጋስ ትግባረ መደባት ልምዓት ዝዘተየ ርክብ ህዝብን ምምሕዳር ከተማን ተኻዪዱ።

ኣብ'ቲ ብምምሕዳር ከተማ ዝተወደበን ወከልቲ ህዝቢ፡ ኣካባቢርቲ ዓዲ፡ ወከልቲ ባይቶን ኣመሓደርቲ ከባቢን ዝተሳተፍዎን ኣኼባ፡ ኣድማዕነት ትግባረ መደባት ኣብ ተሳትፎ ኮም ስለዝምርኮስ፡ ነበርቲ ውዳበታቶም ብምሕያል ተርኦም ክዕዝዙ፡ ኣመሓዳሪ ከተማ ሓጋዝ ኣቶ ነጸርኣብ በረኸትኣብ ጸዊዑ።

ብዘይካ'ዚ፡ ንኣጠቓቕማን ኣገባብ ኣከፋፍላን ግብሪ መሬትን ጥሪትን፣ ምክልኻልን ምቁጽጻርን ኣራሰንቲ ሕማማት፣ ምሕያል ኣታዊታት ልምዓት ማይ፣ ዝምድና ኣካረይትን ተኻረይትን፣ ከምኡ'ውን ንካልእ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ዝምልከት ሙብርሂ ክወሃብ ከሎ፡ ኣታዊታት ከተማ ኣብ ቀዳማይ መፋርቕ 2026 ብ17 ሚእታዊት ዕብየት ከምዘርኣየ ተሓቢሩ።

ሓላፊ ምምሕዳር ክራይ ኣባይቲ ኣቶ መልኣከ ሕድሩ ብወገኑ፡ ንዝምድናታት ተኻረይትን ኣካረይትን ኣብ መንጎኦም ዝግበር ውዕላትን ዝምልከት ሓበሬታ ድሕሪ ምሃቡ፡ ነበርቲ ኣዋጃትን መምርሒታትን መሬት ከኽብሩ ኣተሓሳሲቡ።

ሓላፊ ኮማዊ ሆስፒታል ሓጋዝ ነርስ መንሱር ኣቡበከር ብግደኡ፡ ምስ ምእታው ወቕቲ ክረምቲ፡ ኣብ ምክልኻል ተመሓላለፍትን ዘይተመሓላለፍትን ሕማማት ብሓፈሻ ሕማም ዓሶ ድማ ብፍላይ፡ ህዝቢ ጥዕንኡ ከውሕስን ጽሬት ከባቢኡ ክሕሉን ተላቢዩ።

ተሳተፍቲ ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ ስሉጥነትን ጽፈትን ትግባረ መደባት ልምዓት ንምድንፋዕ ዝሕግዝ ርእይቶታትን ለበዋታትን ኣቕሪቦም።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ
ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር
ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጸ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጸ. 1284

# ቁጠባን ዋኒንን

ተስፋት ሓጐስ

## ተራ ትምህርቲ ኣብ ተክኖሎጅያዊ ገስጋስ ሃገራት

4 ጥቅምቲ 1957 ሕብረት ሶቭየት (ናይ ሕጂ ሩሲያ) 'ስፑትኒክ' ዝስመየታ ሳተላይታ ናብ ህዋ ከምዝወንጨፈት ተቓልሐ። ስፑትኒክ ከኣ ንሓያለይ ኣዋርሕ ኣብ ዙርያ መሬት ዕዉት ዑደት ኣካየደት። ኣብ 1961 እውን ሶቬታዊ ጠፈርተኛ ዩሪ ጋጋሪ ቀዳማይ ኣብ ጠፈር ዝበጽሐ ሰብ ኮነ። ክልቲኡ ዜናን ፍጻመን ንመራሕቲ ሕብረት ሶቭየት ዓወትን ደስታን ክፈጥር እንከሎ ኣብ መራሕቲ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ግና መንጸርጸር ፈጠረ። ምኽኒቱ ከምኡ ዝበለ ሃገር ናብ ህዋ ክትውንጭፍ ምኽኣላ ወተሃደራዊ ኣሙቱ ቀሊል ስለዘይነበረ ደማ ኣመሪካ ቅልጡፍ ግብረመልሲ ሃንደሰት። ምኽንያቱ ኣብ መንጎ እተን ሃገራት ዝነበረ ቅድድም ናብ ህዋ መልክዑ ወተሃደራዊ ክኣልት'ኳ እንተመሰለ ኣብቲ ቅድድም ምዕዋት ማለት ኣብ ተክኖሎጂ፡ ቁጠባን ፖለቲካን ዘለዋ መሪሕነት ከም ምርግጋጽ'ውን ስለዝቖጸር።

31 ጥሪ 1958 ደማ ኣመሪካ 'ኢክስፕሎረር' ዝስመየታ ሳተላይት ናብ ህዋ ብዓወት ወንጨፈት። ሃገራዊ ማእከል ምርምር ጠፈር (ናሳ) እውን ኣብ ጠፈራዊ ምርምር ኣትኪሉ ክሰርሕ ኣብታ ዓመት ከምዝቘመ ገበረት። ኣብ ትሕቲ ጽላል ናሳ ከኣ ሰፊሕ ናይ ጠፈር ፕሮግራም ተጀመረ። ብተወሳኺ፡ ኮንግረስ ዘሕለፎን ፕረዚደንት ዲዋይት ኣይዘንሃወር ዝኸተመሉን 'ትምህርቲ ንሃገራዊ ድሕነት' ዝብል ኣዋጅ ኣወጀት። ዕላማ ናይቲ ኣዋጅ፡ ኣብ ኣመሪካ ኣብ ኩሉ ደረጃታት ትምህርቲ ንዘለዉ ናይ ሰፍልጡት ስርዓተ-ትምህርቲ ዝነፍ መንግስታዊ ደገፍን ልቓሕን ብምሃብ ከምዝድረዕ ምግባር ነበረ።

ኣመሪካ ንዘለዋ ዓለምለኻዊ መሪሕነት ዳግማይ ንምውሓሱ ብቕዓት ናይ ሰፍልጡታዊ ፕሮግራማታ ኣሰፊሓ ከተዕብዮ፡ ኣብ ሲቪላውን ወተሃደራውን ተክኖሎጂታት ከምኡ'ውን ኣብ ናይ ጠፈር ፕሮግራማት ናይ ዝኾነፉ ልዑል ብቕዓት ዘድልዮም ሰፍልጡተኛታት ቁጽሪ ክተዕቢ ኣድላይን ግድንን ኮይኑ ተረኽበ። ንትምህርቲ ምስ ሃገራዊ ድሕነት ከምዝተኣሳሰር ብምግባር ደማ ነቲ ዘንቀደቶ ሓድሽ ናይ ትምህርቲ ወፍሪ ብቕዓትን ፌደራላዊ ምወላን ኣብ ኩለን ምምሕዳራት ከተስገድዶ ከኣለት። ኣብ መዝገብ ጽብጻብ ኮንግረስ ኣመሪካ ሰፊሩ ዝርከብ ጽሑፍ ከምዝመልክቶ፡ "ወጽኢት ናይቲ ተበግሶ ጉሉሕ'ዩ። ቁጽሪ ተማሃሮ ኮለጅ ኣብ 1960፡ 3.6 ሚልዮን፡ ኣብ 1970 ደማ 7.5 ሚልዮን ክበጽሐ ክኢሉ። ዝበዝሑ ካብዮም ተማሃሮ፡ ካብቲ ንትምህርትን ሃገራዊ ድሕነትን ዝዞመድ መደብ ብዝተረኽበ ልቓሕ ዝመሃሩ ነበሩ።" ኣመሪካ፡ ከም ወጽኢት ናይ ዝገበረቶ ግዙፍ ወፍሪ ኣብ 1969 ንፈለማ እዋን እግሪ ሰብ ኣብ ወርሒ ከተርግጽ በቒዐት። ኣብ 2024 ዝተሰርሐት ናብ ወርሒ ኣብርረኒ (ፍላይ ሚ ቱ ዘ ሙን) ዝርእስታ ፊልም ደማ ነቲ ተልእኾ ዝምልከት ኣገራሚ ዛንታ ዝሓዘት'ያ። ብኣጠቓላሊ፡ ኣመሪካ ነታ ብተክኖሎጂ ከምዝልሓገታ ብዝብራ ዝርኣየት ሕብረት ሶቭየት ንምርካብ ዘቐደቶ ጻዕሪ ኣብ ሓጺር ግዜ ዕዉትን ፍረ ዝተረኽቦን ክኸውን ዝኽኣለ'ዩ። እቲ ኩነት ከኣ 'ድፍኢት ስፑትኒክ' ብዝብል ቅጽል ይግለጽ'ዩ።





ኣብ ጥሪ 2025፡ ዲፕሰክ ዝተባህለ ናይ ቻይናውያን ሓዳስ ዋኒን ኣብ ሰብሰርሖ ብልሒ (ሰሰብ) ንዝነበረ ቅድድም ዘናወጸ 'ዲፕሰክ-ኣር1' ዝተሰምየ ሰሰብ ንዓለም ኣቃልሐት። ፕረዚደንት ትራምፕ ደማ ነቲ ክስተት "መጓቓዕሒ ደወል" ዝብል መግለጺ ሃበሉ። እዚ ምስቲ ንኣመሪካ ዳግም-ዓባይ ምግባር ዝብል ጭርሖኡ ደሚርካ ምስ ዝርኢ ንተክኖሎጅያዊ ደረጃ ኣመሪካ ዝኣምት'ዩ። እቲ ኣብ ናይ 'ክፉት-ምንጪ' (ኦፕን ሶርስ) ዝምደብ ናይ ሰሰብ ሞዴል ኣብ ቻይና ዝተማህሩ ኣባላት ዘቖምዋ ጋንታ ዝሰርሓቶ ምዃኑ ከኣ ነቲ ቻይና ክትቀድሕ እምበር ክትምህዝ ኣይትኽእልን'ያ ዝብል መግለጺ ዝበድህ'ዩ። ልዕሊ ኹሉ ግና ቻይና ኣብ ሰሰብ ዘለዋ መሪሕነት ሓዲገዋ ብዘይከይድ ምንጪ ክእለት ዝተሃንጸ ምዃኑ'ዩ። ተንተንቲ፡ ነዚ ኩነት ንኣመሪካ ካልእ ናይ ስፑትኒክ ድፍኢት'ዩ ዝብል ሰያመ ይህብዎን ብእኡ መንጸር'ውን ይገልጽዎ። ብመንጸር ቻይና ክርኢዮ እንከሎ ደማ ኣብ ተክኖሎጂ ዘመዝገበቶ ገስጋስን ለውጥን ዘመልክት ምዃኑ የጽንዑ። ምስዚ ተተሓሒዙ ዝለዓለ ቀንዲ ሕቶ ደማ ኣመሪካ ነዚ ካብ ቻይና ዝመጽእ ዘሎ ተክኖሎጅያዊ ብድሆ መኪታ መሪሕ ቦታኣ ከተውሕስ ትኽእልዶ ትብል'ያ። መልሲ ናይዛ ሕቶ ካብ እወ ናብ ክንደ-የናይ ዝብል ዝዘዙ ምዃኑ ዘየማምዑ ፈላጣት ሓያለይ እዮም።

ኣመሪካ፡ ብቻይና ይገጥማ ንዘሎ ተክኖሎጅያዊ ብድሆ ልክዕ ከምቲ ብሕብረት ሶቭየት ንዘገጠማ ብድሆ ክትብድሆ ናይ ምኽኣል ዓቕሚ ኣብ ምልክት ሕቶ ዘእትዉሉ ዘለዉ ምኽንያት እንታይ ምዃኑ ምርኣይ ኣገዳሲ'ዩ። ኣመሪካ፡ ነዚ ብድሆ ንምብርዓን ይኹን ቦታኣን መሪሕነታን ንምዕቃብ ዝወሰደቶ ተበግሶታትን ውሳኔታትን ምርኣይ ከኣ ኣገዳሲ'ዩ። ቻይና፡ ፋብሪካ ናይ ዓለም ካብ ምዃን ሓሊፉ ግሎባዊት ሓይሊ ናይ ምዃን ጥሙሕ ኣለዋ ትብል ነጥቢ ንፖለቲካውያን ሰልፍታት ኣመሪካ ዘይተቐሙ ካብ ዝኾነትላ እዋን ዝጀመረ ንገስጋስ ቻይና ክዕግት ይኽእል'ዩ ዝበሃል ተበግሶ ብኹሉ ዝድገፍ ኮይኑ'ዩ። ከም ቀንዲ መሳርሕን ሓይልን ኣመሪካ ዝተቐጽረት ጽላት ከኣ ናይ ተክኖሎጂ ጽላት ኮይኑ። ኣብ 2018፡ ክፍሊ ንግዲ ኣመሪካ ኣብ ሰደድ 'መሳሪሒታውያንን ናይ መጻእን ተክኖሎጂ' ቁጽጽር ክኸይድ ትእዛዝ ተዋህበ። ድሕሪ ሓደት ሳምንታት ደማ ኣብ ኣመሪካ ኣብ ዝዋበር ናይ ወጻኢ ወፍሪ ምጽራይ ኮሚቴ ኮንግረስ ወሰነ። እዚ ውሳኔታት ክወሰድ እንከሎ ቻይና ብስም'ኳ እንተዘይተጠቕሰት እታ ዒላማ ግና ንሳ ምዃና ዘሻሙ ኣይነበረን።


ኣብ 2019 ደማ ኣመሪካውያን ኩባንያታት ንቻይናዊ ናይ ተለኮምኒኬሽን ኩባንያ ሁዋዊ ልዑል ተክኖሎጅያዊ ፍርያት ብዘይፍቓድ መንግስቲ ካብ ምሻጥ ተኸልከሉ። ሁዋዊ ግና ፍርያት ኣመሪካ ዝኾነ ጠለብታ ካብ ኩባንያታት ካልኦት ሃገራት ኣብ ምግዛእ ተጸምደት። ኣብ 2020 ደማ ምምሕዳር ትራምፕ ናይ ካልኦት ሃገራት ኩባንያታት'ውን እንተኾና ብናይ ኣመሪካ ተክኖሎጂ ዝፈረያ 'ማይክሮቺፕ' ንሁዋዊ ከይሸጣኣ ከልከለ። ድሕሪ ሰለስተ ወርሒ ደማ ንሁዋዊ ዝኾነ ማይክሮቺፕ ምሻጥ ክልኩል ምዃኑ ከም ሕጊ ሰፈረ። ኣብ ዝተረፈ እዋን ናይታ ዓመት ደማ እቲ ክልከላ ኤስኤም.ኣይሲ. ዝተባህለ ናይ ማይክሮቺፕ ፋብሪካ ትርከበን ንሓያለይ ትካላት ቻይና ዘጠቓልል ኮነ። ብኣመሪካ ዝተወሰደ ስጉምቲ ንቻይና ይኹን ነተን ኣብ ምፍራይ ማይክሮቺፕ መሪሕነቲ ዝኾና ኩባንያታትን ሃገራትን ዘውረዶ ሃሰያ ልዑል ምዃኑ ይግለጽ። ኣመሪካን ኣመሪካውያንን'ውን ካብ ሃሬጽታ ናይቲ ሃሰያ ኣየምለጡን። እተን ኣብ ምፍራይ ማይክሮቺፕ መሪሕነቲ ዝኾና ኩባንያታት ደማ ናይ ቀረብ ሰንሰለተን ንሕጋዊ ስጉምትታት ኣመሪካ ቅሉዕ ዘይኮነሉ መገዲ ሃሰው ኣብ ምግልን ዝተፈልየ ናይ ቀረብ ሰንሰለት ኣብ ምህንዳስን ኣተዋ።

ኣብ 2022 ደማ ምምሕዳር ባይደን ንኽጠቱይት ኣመሪካ ኣብዚ ዓውዲ ዘርኢ ክልተ ወጥናት ኣጠንሱ። እቲ ቀዳማይ ኣዋጅ 'ቺፕስ'ን ሰፍልጡትን ዝተሰምየ ኮይኑ ኣብ ምርምርን ምዕባለን ከምኡ'ውን ኣብ ምፍራይ ቺፕስን ካልእ ዝተራቐቐ ተክኖሎጅያዊ ፍርያት ንዝገበር ወፍሪ ግዙፍ ወሰኽ ዝገበረ'ዩ። እቲ ካልኣይ ከኣ ምስ ከም ብዓል ቲ.ኤስ.ኤም.ሲ. ዝበላ ኣብዚ ዓውዲ ልዑል ናይ ምፍራይ ብቕዓት ዘለወን ኩባንያታት ሽርክነት ብምፍጣር ኣብ ኣመሪካ ፋብሪካታት ከምዝኸፍታ ምግባር'ዩ። ከም ወጽኢቱ ደማ ኩባንያ ቲ.ኤስ.ኤም.ሲ. ጨንፈር ፋብሪካ ኣብ ኣሪዞና ንምኽፋት ናይ 12 ቢልዮን ዶላር ኣመሪካ ወፍሪ ክትገብር ተሰማሚዐት። ወጽኢት ናይዚ ኹሉ ተበግሶታት ክርኢ እንከሎ ግና ከም ባህግን መደብን ኣመሪካ ኣይኮነን። ኣመሪካ ብቻይና ንዘገጥማ ዘሎ ተክኖሎጅያዊ ብድሆ ዝምጥን ቀመና ጎዳሉዋ ይርከብ። እዚ ከኣ በቲ ቻይና ትኽተሎ ሜላ'ውን ዝተጸልወ'ዩ።

ተክኖሎጅያዊ ገስጋስ ቻይና መሰረቱ ኣብ ጺጓኡበን ምስኡ ኣብ ዝዞመድ ትሕተ-ቅርጻን ኣደህቦ ዝምርኮሰ'ዩ። ቻይና ኣብ ዓውድታት ሰፍልጡት፡ ተክኖሎጂ፡ ምህንድስናን ቁጽርን (ስተም) ኣመዝጊቡቶ ዘሎ ገስጋስ ከኣ ቀንዲ ረቛሒ'ዩ። ኣመሪካ፡ ኣብዚ ዓውዲ ብዘለዋ ቁጽሪ ቤት ትምህርትታት፡ ማእከላት ምርምር፡ ሰፍልጡተኛታትን ምሩቓት ዩኒቨርስቲን ንቻይና ኣይትዳረጋን እያ። እዚ ከኣ ኣብ ሓደ ለይቲ ዝመጸ ኣይኮነን። ኣኪያዲ ስራሕ ኩባንያ ኣፕል ዝኾነ ቲም ኩክ፡ ኩባንያታት ናብ ቻይና ዝኸዶ ሕሰር ጉልበት ስለዘሎ'ዩ ዝብል መግለጺ ግጉይ ምዃኑ ይዛረብ። ከረድእ እንከሎ፡ ኣብ ሓንቲ ክእለት ልዑል ብቕዓት ዘለዎም መሃንድሳት ኣብ ትደልየሉ እዋን ኣብ ቻይና ሰለስተ ሜዳ ኩዕሶ እግሪ ዝመልኡ ክትረክብ ትኽእል ኢኺ፡ ኣብ ኣመሪካ ግና ንሓንቲ ክፍሊ ዝመልኡ'ውን ምርካብ ጋድ'ዩ ይብል። ኣብ ኣመሪካ ናይ ማይክሮቺፕ ፋብሪካ ኣብ ምኽፋት ትርከብ ኩባንያ ቲ.ኤስ.ኤም.ሲ. እውን እኹል ዝዩ መሃንድሳት ደኣ ኣብይ ኣለዉ ዝብል ሕቶ ከምዝለዋ ይግለጽ'ዩ። ብዘወሰኸ፡ ኣመሪካ ኣብዞን ብሉጻት ዝኾና ናይ ተክኖሎጂ ዩኒቨርስታ ዝተመረቑ ዜጋታት ካልኦት ሃገራት ዜግኦት ንኽረኽቡ ዘሎ ናይ ኣምግረሽን ስሓቦ-ጉተቶ ነታ ሃገር ክሓድግዋን ክኢላዊ ዓቕማ ከይጉልብቱ ዝዕብር ኣገራሚ ተርእዮ ምዃኑ ዝገልጹ'ውን ኣለዉ።

እዚ ንቻይና ተክኖሎጅያዊ ብልጫ ሂቡዋ ዝርከብ ኣብ ዓውድታት ሰፍልጡት፡ ተክኖሎጂ፡ ምህንድስናን ቁጽርን ዘተኩር ብናይ እንግሊዝኛ ኣሕጽሮተ-ቓላቱ ደማ 'ስተም' ዝበሃል ትምህርታዊ ፍልስፍና መበቆሉ ኣመሪካ'ዩ። እዚ ሓሳብ ኣብ 1980ታት ብሃገራዊ ትካል ሰፍልጡት ከም እማመ ካብ ዝቐርብ ኣትሒዙ ኣብ መላእ ዓለም ኣብ ናይ ሰፍልጡትን ተክኖሎጅን ትምህርቲ ከም ስትራተጂ ተራዲሙ ይሰርሓሉ ኣሎ። ኣብዚ እዋን ከኣ ኣብ መጻኢ ዝድለ ክእለታት ዝምልመሉን ማሕበራዊ ብድሆታት ዝፍታሓሉን ብኣጠቓላሊ ደማ ቁጠባዊ ብልጽግና ሃገራትን ህዝበንን ናይ ምሕያል ወኒ ተኽእሎኡ ተራእዩ ብንጥፈት ይሰርሓሉ ኣሎ። ኣብዚ ዓውዲ ብእተካይዶ ወፍርን ትረኽቦ ዘላ ፍረን ብኣብነት ትጥቀስ ቻይና'ያ።

ናይ ስተም ትምህርቲ ኣብ ቻይና ዝኣተወሉ ዓመት 2001 ኣቢሉ ምዃኑ ይግለጽ'ዩ። ካብ 2012 ኣትሒዙ ከኣ ኣብዚ ዓውዲ ዘተኩር ምርምር ክዕንብብ ጀመረ። ኣብ 2016 እቲ ናይ ምርምር ስራሕ ጥርዚ በጽሐ። ካብ 2016 ጀሚሩ ደማ ብዙሓት ዞባውያን መንግስታት ቻይና ንሓፈሻዊ ውጥንን ውህዱ ትግበራን ናይ ስተም ትምህርቲ ዝገልጽ ፖሊሲታት ክዳልዋ ጀመራ። ኣብ 2017፡ ሃገራዊ ማእከል ትምህርቲ ሰፍልጡት ቻይና ናይ ስተም ትምህርቲ ምስ ቁጠባዊ ልምዓት ቻይናን ምልመላ ክእለትን ዘሎ ምዃኑ ዝገልጽ ሰነድ ኣወጀ። ኣብ ለካቲት 2017፡ ኣብ ቀዳማይን ማእከላይን ደረጃ ንዘሎ ናይ ሰፍልጡት ትምህርቲ ዝምልከት ሓድሽ ስርዓተ-ትምህርቲ ብምእዋጅ ስተም ኣብቲ ስርዓተ-ትምህርቲ ክወሃድ ከምዝለዎ ብዕሊ ተገልጸ። ኣብ መስከረም 2017 ደማ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ቻይና ኣብ ኩለን ደረጃ ትምህርቲ ዝዕየድ ግብራዊ ንጥፈታት ዝምርሓሉ ንድፊ ኣውጽአ። ኣብ 2017፡ ዩኒቨርሲታት ፐኪንን ሸንህዋን ዝርከበኦን ብዙሓት ዩኒቨርሲታት ቻይና መእተዊ ናብ ናይ ስተም ትምህርቲ ኣዳለዋ።



ብዶክቶሬት ማዕርግ ናይ ዝተመረቑ ቁጽሪ ኣመሪካውያንን ቻይናውያንን 2000-2023

ቻይና ነዚ ናይ ስተም ዓውዲ ብእትህቦ ውዱን ቀዳምነት፡ መብዝሕትኦም ቻይናውያን ተማሃሮ ዩኒቨርስቲ ነዚ ዓውዲ እዮም ዝመርጹ። እተን ዩኒቨርስታት ከኣ ብሉጽ ላቦራቶሪታትን ናይ ምርምር መሳለጥያን ዝውንና ብምዃነን ኒቲ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ምቹእን ኣድማዕን ይገብሮ። ከም ወጽኢቱ ከኣ ብናይ ስተም ዓውዲ ናይ ቀዳማይ፡ ካልኣይ ከምኡ'ውን ናይ ዶክትሬት ማዕርግ ሒዞም ዝምረቑ ቻይናውያን ቁጽሪ ብዕጽፊታት ይወሰኽ፡ ብብቕዓት ከኣ ይረቅቕ ኑቲ ናይ ኣመሪካ ዓቕሚ ደማ እናበለጸ ይኸይድ ኣሎ። ኣመሪካ ነዚ ዳግማይ ናይ ስፑትኒክ ድፍኢት ተባሂሉ ብበለ ወገናት ዝግለጽ ኩነት ክንዲ-ኣየናይ ከይትዕወተሉ ካብ ዝብሉ ምኽንያታት እቲ ቀንዲ ከኣ እዚ'ዩ።

ሽባብ

ሃማመተኤ

# ሓሳባት

# ሑርያ ስንቂ መሊኣ'ያ

"ፎግ ፎግ! ኣምሰክ ያ ውሌድ!" ይብሉ፣ ባሕረኛታት እንክዝምሩ—ኣብ መርከቦም ስንቂ እንክኾምሩ።

ኳኽት ምጽዋዕ ኣእዛንካ የጽምሙ፣ ሃጠሙ።

ኣንፈት ጸሓይ ኣብ ምጥማሙ—ሰማይ፣ ምድርን ባሕርን ባጽዕ ኣንጻር ጸላም ተጠማጠሙ።

ሓርነትን ናጽነትን ተጠምጠሙ—ኣብ ደመነብሲ ሰጠሙ።

ዓሌካላ! መንእሰያት እዮም

በብራኾም እና'ስተንፈሱ. . . ብኣካልን መንፈስን፣ ኣፍኵሶም እናተላተሙ

ፈለማ ሓሳባት፣ ደሓር ከኣ ዕላማታት ዘገጣጠሙ።

"ደስ ክብሉኻ ምሽ፧" ሰሚራ'ያ፣ ኣብ ልዕሊ እቶም ስንቂ ዝመልኡ ዝነበሩ ባሕረኛታት ዘሎዋ ኣድናቖት እንክትገልጽ። ኣስዒባ ድማ፣ "ባርህ! ሓርነት ምስ ሓረስታይ ወይ ምስ ባሕረኛ እያ ዘላ፣" ዝብል ዘረባ ደርበየት።

"ምስ ገጠምቲኸ፧"

"ገጠምቲሲ መዓልቲ ደኣ ይህበኒ እምበር፣ ብዛዕባኹም ዝብሃል ብዙሕ ነገር'ዩ ዘሎኒ።"

እቲ ብልምዲ 'ስጋለት ላምባ' ተባሂሉ ዝጽዋዕ ንእሸቶ፣ ሰብ ዝሰርሖ ማርሳ ብድሕሪ ስኤማ ስጋለት፣ ኣብ ፊት ሰገን ሆቴል ይርከብ። ባሕረኛታትን ተቐማጦ ደሴት ዳህላክ ከቢርን ጀላቡኦምን ሳንቡቓቶምን ዝዕሽጉሉ ኮይኑ፣ ዘድልዮም ዓፍሽ ካብ ዕዳጋ ሽሚቶም ኣብ ጀላቡኦም፣ መጠነ ንኡሳን መራኽቦምን ሳንቡቓቶምን ንኽጽዕኑ ዘኽእሎም ምቹእ ቦታ እዩ። እምበኣርከስ፣ ንሰሚራን ባርህን ካብ ስኤማ ስጋለት፣ ብህዱእ ኣሳጉማ ናብ 'ስጋለት ላምባ' ንኽበጽሑ ከባቢ 10 ደቒቕ እዩ ወሲዱሎም።

ብኣጋጣሚ ሓደ ቀይሕ ዝጭሕሙ፣ ናብ ጽልሚ ዝኸደ ሕብሪ ቈርበት ዘውንን፣ ኰፍያ ኣብ ርእሱ ዝወደየ፣ ካምቻን ፋጣን ዝለበሰ ናቑዳ፣ ኣብ መርከቡ ኮፍ ኢሉ ጸንሖም። ነቲ ከም መዘወሪ ኣንፈት መርከብ ዘገልግል ነዊሕ ሉሕ ብሓደ ኢዱ ሒዙ፣ ብዓውታ እናተዛረበ'ዩ ዘመሓድር ዝነበረ። ባርህ ካብ ማዕዶ ብኢዱ ምልክት ሰላምታ ገበረሉ'ሞ እቲ ናቑዳ ድማ፣ "ተዓሉ!" ብምባል ናብታ 'ሑርያ' ዝስማ ሰንቡቕ (ብጣውላ ዝተሰርሐት መርከብ) ንኽጽዓኑ ዓደሞም።

'ሑርያ' ብሰመያውን ሸራጥ ቀይሕ ሕብርን ዝወቀበት፣ ናይ ዓረብ ጽሑፋት ዝንበባ መርከብ እያ። ቍመታ ክሳብ 10 ሜትሮ፣ ካብ ባሕሪ ዝነበራ ብራኽ ድማ 4 ሜትሮ ኣቢሉ ይኸውን። ኣብቲ ዳሕረዋይ ክፋል ናይዛ ሰንቡቕ፣ እቲ ናቑዳ ኣንፈት ዝቈጻጸረሉን ኵሎም እቶም ባሕረኛታት ዘዕርፍሉን መጽለሊ ዘሎዎ ክኸውን ከሎ፣ ዝተረፈ ክፋላ ንጸሓይ ዝተቓልዐ እዩ።

ባርህን ሰሚራን ናብቶም ኣቐሒት ኣብ 'ሑርያ' ዝጽዕኑ ዝነበሩ ባሕረኛታት፣ "ክንሕግዝዶ፧" ዝብል ናይ ቀልዓለም ሕቶ ደርበዩ'ሞ፣ "ድሓን ዓቕምና እዩ፣ ሹክራን፣" ዝብል መልሲ ረኸቡ። ኣይደንጐየትን፣ ሰሚራ ነታ ዓጺፋ ኣብ ኢዳ ሒዛታ ዝወዓለት፣ "ናብራ ጥዑም'ዩ ምስ ጽድቂ፣ ናጽነት ጥዑም እዩ ምስ ሓቂ፣" ከምኡ'ውን "ናጽነት የኸርዕ፣ ስራሕ የብልዕ" ዝብላ ምስላታት ዝንበባ 'ሓዳስ ኤርትራ' ናብታ መርከብ ኣሳፈረታ። ነቲ ንሃሩር ዝኸውን ክንሱ ግን ነዊሕ ክዳና ልዕሊ ብርካ እናሰብሰበቶ ባርህ ቀዲሙዋ ደየበ። ብድሕሪ'ዚ ኢዱ ዘርጊሑ ተቐበላ'ሞ፣ ኣብ መርከብ ናይ ምድያብ መስርሕ ብዓወት ተዛዘመ። ኣብ ውሽጢ'ታ መርከብ ኣብ ርእሲ'ቲ ተኹሚሩ ዝነበረ ሰኪዐት መግፈፍ ዓሳ ኮፍ ንኽብሉ እቲ ናቑዳ ብዝዓደሞም መሰረት ድማ ረፋዕ በሉ።

ኣብ ውሽጢ'ታ መርከብ፣ ባርህ ነቲ ናቑዳ ዘቕረበሉ ቀዳመይቲ ሕቶ'ምበኣር፣ "ትወፍሩ ዲኹም ዘለኹም፧" እትብል'ያ።

"ንዓም። ኣብ ዳህላክ ዚበጽሕ ዓፍሽ ኣሎና። ብዲሕሩ ኒባሕሪ ኢና።"

"ንኽንደይ መዓልታት ኣብ ባሕሪ ክትጸንሑ ኢኹም ማለት'ዩ፧"

"ወላሂ ሽሃር ገለ ይኸዊን። ዓሰ እንድሒር ሪኺብና ግን ቂድሙ ኺንምለስ ንኺል፣" ኣብ መንጎ፣ እዚ ናቑዳ፣ "ያ ወሌድ! ፌ ወራ!" ብምባል ነቶም ስንቅን ናብ ዳህላክ ዝበጽሕ ዓፍሽን ዝጽዕኑ ዝነበሩ ብጾቱ መልእኽቲ ኣመሓላለፈሎም።

ኣድህቦ ናቑዳ ክመልስ ስለ ዝነበሮ፣ ባርህ፣ "ኵላትኩም ብሓባር ትወፍሩ፧" ክብል ተወሳኺ ሕቶ ኣቕረበሉ።

"ሳሕ! ሽመንቴ፣ ኣሕያነን ዓሰርቴ ኣው ዓሰርተ ኽልቴ ሰብ ኒኸይድ።"

"እዛ መርከብ ደኣ ናይ ኵላትኩም እያ ማለት ድዩ፧" ሰሚራ'ያ፣ ሕቶ ናይ ምሕታት ግደኣ ኮይኑ።

"ሑ-ር-ያ ሓግና፣" ሑርያ ናትና'ያ ማለቱ'ዩ። ብምቕጻል፣ "እዝያ ምስ ሑ-ር-ያ ብገመድ ተኣሲራ ዘላ ኒእሽተ ጀልባ 'ጠባዒ' ቲበሃል። ሰሚዕታ፧ በዚያ ጠባዒ ዓሰ ምጅላብ ድኻም የብሉን። ሊኣኑ፣ ብጀለብ ኢኻ ዓሳ ተውጺእ። ላኪን በዚያ ዓባይ ጀልባ...።"

"ብሑርያ ማለትካ'ዩ፧"

"ሳሕ። ብዝያ ዓባይ ጀልባ፣ ያዕኒ ቢሑ-ር-ያ፣ ብሬተ ዓሰ ስለ ተውጺእ፣ ለይቲ ኣይትድቅስን፣ ድኻም ኣሎዎ ማራ ዋሒድ።"

ከምቲ ልሙድ ከመሓድር ስለ ዝነበሮ፣ ካብ ርእሲ'ቲ በረድ መሊኡ ዝነበረ ክኸውን ዝኽእል ገዚፍ ተላጃ ንብረት ንኸውርዱ ነቶም ብጾቱ ኣዘዞም'ሞ ከምኡ ገበሩ።

ሰሚራ ኣብ መዓሙቕ ተመስጦ ተሸሚማ እያ ትዕዘብን ትሰምዕን ዝነበረት። ብድፍኢት ናይታ ኣብ ዘላቶ ንፋስ ሓፍ! ኮፍ! ዘብላ ተሰቒላታ ዝነበረት ሑርያ፣ ብፍሉይ ንልባ ገለ ዘኢይትነገር ስምዒት ክወሮ ተረድአ። ኣብ መንጎ፣ "ሊማዛ ሰሜት ሃዚሂ ሰምቡቕ ቢእስም ሑርያ፧" ክትብል ብቛንቋ ዓረብ ነቲ ናቑዳ ተወከሰቶ። ቀጺላ ድማ፣ ብቛንቋ ትግርኛ፣ "እዚ ስም ነታ ድኻም ዘይብላ፣ ለይቲ እትደቅስ ጠባዒ እዩ ዝግባእ ነይሩ፣" ክትብል ወሰኸት።

"ወላሂ! ኣንቲ ኣልብንት ዘኪያ! ሻ-ጥ-ራ!" ማለት፣ "ኣዚኺ ትኵርቲ ጓል ኢኺ፣" ብምባል'ዩ እቲ ናቑ ንትዕዝብቲ ሰሚራ ዘድነቐ። ነታ ሻ-ጥ-ራ እትብል ቃል ድማ ኣሕፊሱ ኣድመጻ።

እቶም ባሕረኛታት ዝጸዓን ንብረት ጽዒኖም ስለ ዝወድኡ፣ ናቑዳ ሞተረ ሰንቡቕ ኣብ ምትንሳእ ተጸምደ። ኵነታት ኣንቢቦም ሰሚራን ባርህን ነቲ ንሑርያ ምስ መሬት ኣልጊቡ ኣሲሩዋ ዝነበረ ገመድ ኣብ ምስሓብ ሓገዙ። ሞተር ሑርያ ተንሲኡ ንማይ ባሕሪ እንክበጻብጾ፣ ባሕሪ ድማ መርሓባ ብዝንበቦ ዓፍዓፍታ ንስምዒቱ ገለጾ። ድሃይ ሞተረ ንናይ ምኻድ ወኒ እንክጕጻጕጾ፣ ላዕልን ታሕትን ባሕረኛ ነቲ መንፈስ መሊሱ ሃወጾ።



ኦሮማይ! መዓሰላማ!

ኣይንዛነ! ግዜ ወርቂ ዛራ'ዩ—ግዜ ሉል ዳህላክ-ኖራ

ግዜ ማዕድን ኮሉሊ'ዩ—ተወናጨፍ ካብ ሓሌብ-ቅሮራ—ናብ ራስ ዱሜራ ናብ ራስ ዳርማ

ቻው ቻው! ግዜ ደሪሱ—ግዜ ወፍሪ—ግዜ ሻማ-ሻማ።

ሑርያ ንዘቐየዳ ገመድ ፈንጢሳቶ፣

ሑርያ ንዘወጠጣ መልሕቕ ኣልሒቓቶ።

ደጊም፣ ሑርያ—ስንቂ መሊኣ'ያ።

የላ! ኣብ ሑርያ ብሰለል፣ ብጸንበለል

የላ! ናብ ውቅያኖስ ምዕባለ—ባሕሪ ንቐል-ትኽል።

ኣብ ሑርያ ተጻዒንካ—በቃ! ምምርቃፍ—ብዘይ ምስካፍ!

ኣሮን ተስፋኣለም

# ልቦና

# ዝሓረረ ቅልዋ ስጋ

ቈልዓ እንከለኹ ኣደይ መግቢ ተዳልወልና ነበረት። ብፍሉይ ዝዝክሮ ግን ሓደ መዓልቲ ድሕሪ ነዊሕን ኣድካምን ናይ ስራሕ ሰዓታት ገዛ ምስ መጽአት ዝተፈላለየ ዓይነታት መግቢ ሰሪሓ ኣብ መመገቢ ጣውላ ብብያትታት ቀረበትልና። እታ ቅልዋ ስጋ ግን ኣዝያ ሓሪራ እያ ተቐሪባ ዝነበረት።

ኣብታ ሰዓት ከም ዝሓረረት ዘስተውዓለ ኣሎን የለን ንኽርእይ እጽበ ነበርኩ። እንተኾነ ግን ኣቦይ ነቲ ዝሓረረ ስጋ እናተመገበ ትምህርቲ ከመይ ከም ዝውዓለ ሓተተኒ። እንታይ ኢለ ከም ዝመለስኩሉ ፈጺመ ኣይዝክሮን እየ። ኣደይ ግን ነቲ ዝሓረራ ስጋ ነቦይ ይቕሬታ ክትሓቶ ሰሚዐያ። ኣቦይ ሽዑ ዝመለሰላ መልሲ ኣይርስዓን እየ።

"ሃነይ ኣነ ዝሓረረ ቅልዋ ስጋ ኣዝየ እየ ዝፈቱ፣" ኢሉ መለሰላ።

ኣዝዩ ገሪሙኒ ስለ ዝውዓለ ኣብታ ምሸት ንኣቦይ "ድሓን ሕደር" ኢለ ክስዕሞ ኣብ ዝኸድኩሉ፥

"ባባ ናይ ብሓቂ ዲኻ ዝሓረረ ስጋ ትፈቱ፧" ኢለ ሓቲተዮ።

መንኮበይ እናደራረዘ ድማ፣ "ኣደኻ ሎሚ ኣብ ስራሕ ኣዝያ ደኺማ ውዒላ፣ ዝሓረረ መግቢ ንዝኾነ ሰብ ኣይጐድኦን'ዩ ሕማቕ ቃላት ግን ኣዝዮም ኣዕነውትን ጕዳእትን እዮም፣" ኢሉኒ።

ቀጺሉ፣ "ህይወት ፍጹማት ብዘይኮኑ ሰባትን ነገራትን ዝተመልአት እያ። ከም ዝኾነ ካልእ ሰብ ኣነ ኣብ ገለ ገለ ነገራት ጕዱሎ እየ። ኣብዘን ዝሓለፋ ዓመታት እምበኣር ምስ ኣድኻ ናይ ንሓድሕድና ጕዱሎ ክንቅበሎን ሕጉስ ህይወት ክነሕልፍን ከም ዘሎና'የ ተማሂረ፣" ኢሉኒ።



***

ህይወት ሓጻር'ያ ኣብ ጣዕሳ ኣይንንበር።

ነቶም ብቕንዕና ዝከናከኑኻ ሰባት ኣፍቅሮም፣ ነቶም ካልኦት'ውን ሓልዮትን ለውሃትን ኣርእዮም።

***

**ሸዊት ገብረብርሃን**

ምንጪ motivational short stories

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል
ኣስመራ

ምብራቕ መብራህቱ ኣብዩ ኣቦይ መብራህቱ ኣብይ ወልዱ ስለዝዋረረ፡ 8 ደቁ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ብፍ/በ/ዕዳ ጥዑምዝጊ እምሃጼን መሓሪ ብፍ/በ/መሰል ወረ/ፍ/ሄር ትርፍሽ ጉብረመድህን ክፍሉ ኣዘሬል ክብሮም፡ ንጉዳይ ፈጻሚ ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ መልሲ ሒዝካ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን3/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ዘውዲ ሃይለ ዘርኡ፡ ብዓል ቤተይ ሃብተማርያም ወልደኣብ ሃይለ ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ብፍ/በ/ዕዳ ሓጎስ በርሀ፡ ብፍ/በ/መሰል የሃና የማ ተሰፋሚካኤል፡ ንጉዳይ ፈጻሚ ዝምልከት ምልክታ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ መልሲ ሒዝካ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን7/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ተኸሳሲ ተማሰጎን ጉብረመድህን ፍስሃጽዮን፡ ብኸሳሲት እልልታ ኣርኣያ ጉብረኣብ (ወኪል ሃና ዓንደም ሰለሙን) ንጉዳይ ሓዳር ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ መልሲ ሒዝካ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን8/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

መርሃዊ ኣርኣያ እዮብ፡ ኣደይ ኣረጋሽ ጉብረማርያም ወልደሩፋኤል ስለዝዋረረት፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወይኒ ተሰፋይ ሓጎስ፡ ኣደይ መም/ ይሕደጋ ጉብረስላሴ ስለዝዋረረት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ህድኣት ወልደየሱስ ተኽለእዝጊ፡ ብዓል ቤተይ ባህሊቢ ተወልደብርሃን ንሩር ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

ብፍ/ሰ/ዕዳ ወረ/ፍ/ዳዊት ዑቕበ ሃይለ 1.ሚሊ ዳዊት ዑቕበ 2.ሰለሙን ዳዊት ዑቕበ ብፍ/በ/መሰል ኣቶ ኮስታንቲኖስ ጉርጃ ኣወዳሉም፡ ንጉዳይ ፈጻሚ ዝምልከት ምልክታ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ መልሲ ሒዝኩም ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን7/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ተኸሳሲ እስቲፋኖስ ማተዎስ ኣርኣያ፡ ብኸሳሲት ጸሃይኛ ወልዳይ ኣይሙት (ወኪል ዓንደም ኣሲያስ መንኣመና) ንጉዳይ ሓዳር ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ መልሲ ሒዝካ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን8/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ጸገ ጉብረእግዚኣብሄር ጉብርኣብ ምባል ተሪፉ፡ ጸገ ጉብርኣብ ተስፋስላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/መሰል ክፍላይ ጉብረወልድ ማስመር፡ ብፍ/በ/ዕዳን ዘሎ ናይ ፈጻሚ ክርክር፡ ብፍ/ሰ/ዕዳ ቁ.6 ወ/ሮ ግደይ ጉብረወልድ ማስመር 7.ወረ/ሰወእ ተኽላይ ጉብረወልድ ተሰፋት ተኽላይ ጉብረወልድ፡ ኣብ ወሽጢ ሃገር ስለ ዘየለዉን ንጹር ኣድራሻ ስለ ዘይብሎምን፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዖም ን15/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.35 ይቕረቡ። እንተዘይቀሪቦም፡ ጉዳዮም ኣብዘየለዉሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ወ/ሮ ኣልማዝ ጉብሩይ ተከኤ፡ ኣሕዋተይ 1.ሰወእ ተጋ/ተኽለማርያም ጉብሩይ ተከኤ 2.ሰወእ ተጋ/ክፍላይ ጉብሩይ ተከኤ 3.ሰወእ ተጋ / ኣስመሮም ጉብሩይ ተከኤ 4.ሰውእቲ ተጋ/ለተብርሃን ጉብሩይ ተከኤ ስለዝተሰውኡ፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ሰናይት ጽላሉ ኣዘ፡ ኣቦይ ጽላሉ ኣዘ ወልዱ ስለዝተሰወኡ፡ ንኣደይ ሃይማኖት መንግስትኣብ ዘርእማርያም ናይ መጻምዲ ማሳላ ይተሓለወላ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ድማ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ሄኖክ ግርማይ ዑቕባልደት፡ ኣቦይ ግርማይ ዑቕባልደት ትርፉን ኣደይ ህድኣት ኣማኒኤል ተኽሉን ስለዝዋረሩ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኸሳሲት መሳረት በዘበህ ይግዘው፡ ተኸሳሲ ኣቶ ጁሊዮና ፍራንኮ ሾኒካ፡ ንሲቪል ዝምልከት ጉዳይ ተኸፊቱልካ ስለዘሎ፡ ን4/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳዕዳድ

ብፍ/በ/መሰል ኣሰርም ምስየና ሃብተሚካኤል፡ ብፍ/በ/ዕዳ ወረ/ፍ ከርስክፍለ ወልደሚካኤል፡ ናይ ፈጻሚ ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን24/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ደጀን በረኸት በርሀ ምባል ተሪፉ፡ የውሃንስ በረኸት በርሀ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ኤደን ኢያቦ ሃብተስላሴ፡ ኣቦሓጎይ ሃብተስላሴ ወልደጋብር ተኽለን ዓፀይ ኣበርህት ስረቀ ዘወልዲን ስለዝዋረሩ፡ ኣነ ንወላዲየይ ተኪኤ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ማና ክፍለማርያም ወልደስላሴ ምባል ተሪፉ፡ ማና ክፍለማርያም ወልደየሱስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኸሳሲት ብርኽቲ ሃብተ ጫርም፡ ተኸሳሲ ሓየለ ጉብረ የውሃንስ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን14/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

ኸሳሲት ወ/ሮ ርግኣት ወልደገርግስ በራኺ፡ ተኸሰስቲ 1.ፍዮሪ ወልደገርግስ በራኺ 2.ሙሴ ወልደገርግስ በራኺ 3.ባህሊቢ ወልደገርግስ በራኺ 4.ረዘነ ወልደገርግስ በራኺ፣ ንዓኹም ዝምልከት ናይ ውርሲ ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን24/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ።

ብርሃ ተወልደ ዑቕባዝጊ ምባል ተሪፉ፡ ኣባ ፍቕረማርያም ተወልደ ዑቕባዝጊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ዞማም ክንፈ ኣብራሃለ ምባል ተሪፉ፡ ቤትኤል ከሊፋ ብርሃኑ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ቤት-ፍርዲ ጎልጅ

መሕመድ ኑረዲን ዓጥማት ምባል ተሪፉ፡ መሓሪ ኑረዲን ዓጥማት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/8/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣፍራሕ ኑር ኣሕመድ፡ ት/ዕድመ ጓለይ ውጅዳን ዓድል ኢብራሂም ምባል ተሪፉ፡ ውጅዳን ዓሊ ሳልሕ ዑስማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/8/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ምልክታ ጨረታ

ህዝባዊ መጉዓዝያ ከተማታት (ቀያሕቲ ኣውቶብሳት) ኣብ'ዚም ኣብ ታሕቲ ተጠቒሶም ዘለዉ ናይ ጽገና ስርሓት ንዘዕጥዩ ብቑዓትን ሕጋውያንን ተጫረትቲ ይዕድም።

ዓይነት ጨረታ

1.ምጥምጣምን ምጽጋንን ዲናሞታት ናይ ዝተፈላለዩ ኮምፕረሰረታት፡ ጀረትር፡ ቶርጆን ካልእን ናይ ኤሌትሪክ ስርሓትን።
2.ምስራሕ ዝተፈላለዩ ዓይነት ጎማኒታት።

ተጫረትቲ ከማልእዎ ዘለዎም ነጥብታት፦

1. ጨረታ ካብ ኣብ ጋዜጣ ዝወጸሉ ዕለት ን20 መዓልታት ንኹሎም ሕጋውያን ተጫረትቲ ክፉት ይኸውን።
2. ተጫረትቲ ዘቕረብዎ ዋጋታት ብመሰረት እቲ ብትካል ዝወጸ ሕጋዊ ሰነድ ጨረታ ኮይኑ ብሰታሪት ተዓሺጉ ይቐርብ።
3. ተጫረትቲ፡ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 100.00 ናቕፋ ብምኽፋል ክወስዱ ይኽእሉ።
4. ተጫረትቲ፡ ቅዳሕ ናይ ዓመት 2025 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግዲ፡ ቅዳሕ ታሲራ፡ ከምኡ'ውን ቅዳሕ ዓመታዊ ግብሪ ዝኸፈሉሉ ሰነድ (Clearance) ናይ ዓመት 2024 የቕርቡ።
5እዋን ምርኻብ ሰነዳት ጨረታ ምስ ኣብቀዐ፡ ቀጺላ ኣብ እትርከብ ናይ ስራሕ መዓልቲ ሰዓት 9:00 ቅድሚ ቀትሪ ኩሎም ተጫረትቲ ወይ ድማ ሕጋዊ ወኪሎም ኣብ ዝተረኸቡሉ፡ ስነ ስርዓት ምኽፋት ሰታሪት ተጫረትቲ ትኻሎት ይኸውን።
6.ንመኽበሪ ጨረታ ዝኸውን 20,000.00 ናቕፋ (ዕስራ ሽሕ ናቕፋ) ብ c.p.o ኣትሒዞም የቕርቡ።
7.ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብ ፊት ቤት መግቢ ሊባኖስ ንዝርከብ ቤት ጽሕፈትና መጺእኩም ወይ ብቑጽሪ ተሌፎን 200207 ብምድዋል ክትወስዱ ትኽእሉ።
8.ትካልና ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ፡ ጨረታ ብኸፊል ወይ ብምሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ህዝባዊ መጉዓዝያ ከተማታት

ብስም ቀደሽ ዘርኡ ዘወልዱ ዝተመዝገበ፡ ብቑ.ፍ.ዋኒን ASL00022808 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገዛ ጥንዳ ጎደና ዳህላክ ቁ.ገዛ – ዝርከብ ናይ ቤት ማስተ ትካለይ፡ ንወ/ሮ ሃዋርያት እንድርያስ ወልደስላሴ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገዛ ጥንዳ ጎደና 195-1 ቁ.ገዛ – ካብ ዕለት 01/04/2026 ክሳብ ዕለት 31/03/27 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ንፈልጥ።

ቀደሽ ዘርኡ ዘወልዱ
ሕጋዊ ወኪል የውሃንስ ዘመድብርሃን

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ሰለማዊት ካሕሳይ ዑቕባይ ምባል ተረፉ፡ ሳምራዊት ካሕሳይ ዑቕባይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቓወም እንተሎ፡ ን30/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሄለን ተወልደመድህን ገብሩ፡ እኖሓጎና ገዐይ ካባይ ኣሰፍሃ ስለዝዐረፈት፡ ኣነ ምስ 1ሓፍተይ ንኣዴና ተክእና ከም ኡ'ውን 1ኣካና፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቓወም እንተሎ፡ ን6/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣክበረት ልኡል ኣብርሃም ምባል ተረፉ፡ክብራ ልኡል ኣብራሃም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቓወም እንተሎ፡ ን24/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ምሕረት ዑቕቢት ዘድግገል፡ ተኸሳሲ ዑቕባይ ደስታ ገብሩ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን6/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ኣስማይት ገብረመድህን ገብሩ ምባል ተረፉ፡ ወዳሰ ኣባዲ ገብረ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቓወም እንተሎ፡ ን29/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ናህም ፍሻለ ዘርኣብሩኽ ምባል ተረፉ፡ ቀዳዊ ፍሻለ ዘርኣብሩኽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቓወም እንተሎ፡ ን1/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ኣልማዝ ባህታ ሃይለማርያም፡ ተኸሳሲ ጋይም ኣብራጼን ሃይለማርያም፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን28/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ሄርሞን ነጋሲ ምባል ተረፉ፡ መ/ድ ዓሊ ዓብደላ መ/ድ ዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቓወም እንተሎ፡ ን30/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መሓመድነዓይድ ኣደም እድሪስ ምባል ተረፉ፡ መሓመድነዓይድ መሓመድኣደም እድሪስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቓወም እንተሎ፡ ን25/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ማሕደር መንታይ በኺት ምባል ተረፉማሕደር መንታይ ደኪን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቓወም እንተሎ፡ ን25/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

እድሪስ መሓመድነዓይድ እድሪስ ምባል ተረፉእድሪስ መሓመድነዓይድ እድሪስናር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቓወም እንተሎ፡ ን30/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሳባ ጋይም በኺት፡ ኣደይ ርሻን ተስፉ ታርቀ ብዕለት 30/9/2001 ኑቲ ኣብ ከተማ ከረን ከባቢ 05 ዝርከብ ብምስክር ወረቐት 302732 ዝተመዝገበ፡ ኑቲ ፍርቂ ብጽሒታ ብመልክዕ ህያብ ዝሃበትኒ ይጽደቐለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቓወም እንተሎ፡ ን23/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣመልካቲት ወረ/ፍ/ሄራት ሉላ በርሀ ሰዩም 1.ሚሪኣል ቴድሮስ ከሰተ፡ 2.ሚሪዳና ቴድሮስ ከሰተ፡ 3.ሚለን ቴድሮስ ከሰተ፡ ተጸዋዒ ወረ/ፍ/ሄራት ሉላ በርሀ ሰዩም፡ ኣቤል ዓይናም መሰ፣ ንዓኹም ዝምልከት ንምቅሊት ውርሲ ማእከል ዝገበረ ስቪላዊ ክርክር ቀሪቡልኩም ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን23/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ወ/ሮ ተኽኣ ሚካኤል ኣድሓኖም፡ ኣዴና ደመት ኣድሓኖም ተስፋጽዮን ስለዝዐረፈት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቓወም እንተሎ፡ ን19/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ሓጋዝ

ናህም ሃብተሚካኤል ካሕሳይ ምባል ተረፉ፡ ናህም ዓብዱ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቓወም እንተሎ፡ ን22/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣምና መሐመድ ሳልሕ ምባል ተረፉ፡ ኣምና መሐመድሳልሕ መሐመድዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቓወም እንተሎ፡ ን22/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

ነጃት መሓመድ ኣሕመድ ኢብራሂም ምባል ተረፉ፡ ነጃት መ/ድ ኣሕመድ ኢብራሂም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቓወም እንተሎ፡ ን3/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ከሳሲት ትርሓስ ገብረትንሳኤ ተኸሰስቲዝበሃሉ፡ ተኸሰስቲ ወረስቲ ነ/ሄር ኣሰፋው ዓንደማርያም 1.መሲ ኣሰፋው ዓንደማርያም 2.ሰናይት ኣሰፋው ዓንደማርያም 3.ባላ ኣሰፋው ዓንደማርያም 4.ሃኒስ ኣሰፋው ዓንደማርያም 5.ብሌላት ኣሰፋው ዓንደማርያም 6.ኣበሰራ ኣሰፋው ዓንደማርያም 7.ኤልያስ ኣሰፋው ዓንደማርያም፣ ናይ ሰበል ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን30/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ኣቶ ዑመር ኢድሪስ ኣሕመድ፡ ተኸሰስቲ ወረ/ፍ ነጋሽ ኣባይ ዝኾነ ኣቶ ኣብርሃም ነጋሽ ኣባይ፡ ናይ ዕዳ ገንዘብ 166.700 (ሚእትን ሱሳን ሽዱሽተን ሽሕን ሸውዓተ ሚእትን) ናቕፋ ጥርዓን ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን20/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ሓመድ ዓሊ መሓመድ ዓብደልቃደር ምባል ተረፉ፡ መሓመድዓሊ መሓመድ ዓደብደልቃደር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቓወም እንተሎ፡ ን14/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ከሚሳይ ሳልሕ ሃሎ ምባል ተረፉ፡ ከሚሳይ ሳልሕ ዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቓወም እንተሎ፡ ን8/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ኑቲ ኣብ ኣስመራ ፕሎት 61 ቁ.ፓርሰል ዞን ASP00029301 ፓርሰል 137 ስፍሓት መሬት 135 ት/ሜ ዓይነት ህንጻ ተራ ስፍሓት ህንጻ 82 ት/ሜ መዓላ ህንጻ መንበሪ ከባቢ ዚፕ ኮድ 1A118 ጎደና ዓዲ ሸማገለ ቁ.ገዛ 83 ብመለለዪ ቁ.ንብረት 1:011280/1 ብስም ህድኣት ምስየና ክፍለ ዝተመዝገበ ብውህብቶ ዝረኸብክዎ፡ ናብ ስመይ ከመሓላልፎ ስለ ዝደለኹ፣ ዝኾነ ዝቓወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘአዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ።

መደህን ምስየና ክፍለ

---

### ቀዳማይ ምልክታ ጨረታ

ዓይነት ጨረታ፦ ናይ ቴሌፎን ማስመር ምዝርጋሕ

ኣሃዱ፦ ሃገራዊ መወከሲ ሆስፒታል ኦሮታ

ኣርእስቲ ውዕል፦ ምትካል ሓደሽ PABX ናይ ቴሌፎን ማስመር ምዝርጋሕ

ዓይነት ጨረታ፦ ሃገራዊ ክፉት ጨረታ

ሃገራዊ መወከሲ ሆስፒታል ኦሮታ፡ ኣብ ውሽጢ ሆስፒታሉ ንዝርከቡ ክፍልታቱን ቤት ጽሕፈታቱን ኣገልግሎት ዝውዕል ሓደሽ ናይ PABX ቴሌፎን ማስመር ክዝርግሕን ክትእቱን ስለዝደለየ፡ ብቑዓትን ሕጋውያንን ተወዳደርቲ ይዕድም። ከም ተወሳኺ ሓበሬታ፦ ናይ'ቲ ቦታ ርሕቀትን ዝዝርጋሓሉ መስመራት (Ground Assessment)ን ብምግባር ዝኾነ ንምስራሕ ዘድሊ ማተርያልን ናይ ኢድ ዋጋ ከምኡውን ኑቲ ስራሕ ዝድልዮ ግዜ (Time Frame) መገመቲ ክኾነኩም ኣቕዲምኩም ብኣካል ቀሪብኩም ክትርእዩዎ ንሕብር።

ተወዳደርቲ ከማልእዎም ዘለዎም ነጥብታት፦

1. ሃገራዊ መወከሲ ሆስፒታል ኦሮታ፡ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ፡ ዋጋታት ዝኾነ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ናይ ቴሌፎን ማስመር ምዝርጋሕ ብዕሹግ ደብዳበ ክቕርቡ ይዕድም።
2. ጨረታ፡ ንኹሎም ሕጋውያን ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ናይ ቴሌፎን ማስመር ምዝርጋሕ ዘካይዱ ክፉት እዩ።
3. ተወዳደርቲ፡ ቅዳሕ ናይ ዓመት 2025 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒንን ናይ ዓመት 2025 ክሊራንስ ናይ ኣታዊ ውሽጢ ሃገርን መንነትን የቕርቡ።
4. ተወዳደርቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ፡ ካብ ቤ/ጽ ሓፈሻዊ ኣገልግሎት ሃገራዊ መወከሲ ሆስፒታል ኦሮታ ናይ ጨረታ ሰነዳትን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ።
5. ብቑዓት ተወዳደርቲ፡ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ ጥሪ ገንዘብ 100.00 (ሚእቲ ናቕፋ) ክፈሎም ክወስዱ ይግባእ።
6. ጨረታ ኣብ'ዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ፡ ዕለት 30/07/2026 ሰዓት 9:45 ቅ.ቀ ክበጽሕ ኣለዎ። ደንጕዩ ዝቐረበ ጨረታ ይነጸግ። ጨረታ፣ ተወዳደርቲ፡ ሕጋውያን ወኪሎቶም ክሳተፉ ዝደልዩ ሰብን ሰራሕተኛታት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጹ ሰባትን ኣብ ዝተረኽቡሉ፡ ኣብ ኣዳራሽ ሃገራዊ መወከሲ ሆስፒታል ኦሮታ ይኣቱ። ዕለት 30/07/2026 ሰዓት 10:00 ቅ.ቀ ጨረታ ብዮገልጺ ይኽፈት።
7. መኽበሪ ጨረታ፡ ዝምለስ ናይ ቴሌፎን ማስመር ምዝርጋሕ 50,000.00 ናቕፋ ብሰፒኦ (CPO) ክትሕዙ ይግባእ።
8. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዘአዝዞ መሰረት ይካየድ።
9. ተወዳዳሪ፡ ኑቲ ዝተዓወተሉ ናይ ቴሌፎን ማስመር ምዝርጋሕ ባዕሉ ወይ ብወከልቱ ክኢላታት ጥራይ ናይ ቴሌፎን ማስመር ምዝርጋሕ ክካይድ ይፍቀደሉ።
10. ሃገራዊ መወከሲ ሆስፒታል ኦሮታ ብምሉእ ወይ ብከፊል ጨረታ ንምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ሃገራዊ መወከሲ ሆስፒታል ኦሮታ
ቤ/ጽ ሓፈሻዊ ኣገልግሎት ሃገራዊ መወከሲ ሆስፒታል ኦሮታ
126230

---

ኑቲ ኣብ ባጽዕ ፕሎት 24 ቁ.ፓርሰል ዞን 3/08 ፓርሰል A ስፍሓት መሬት 475.75 ት/ሜ፣ ዓይነት ህንጻ ቪላ፣ ስፍሓት ህንጻ 190.1 ት/ሜ፣ መዓላ ህንጻ መንበሪ፣ ከባቢ ዚፕ ኮድ ኣማተረ ብመለለዪ ቁ.ንብረት 2/000169/1 ብስም ህድኣት ምስየና ክፍለ ዝተመዝገበ ብውህብቶ ዝረኸብክዎ፡ ናብ ስመይ ከመሓላልፎ ስለ ዝደለኹ፣ ዝኾነ ዝቓወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘአዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳነ ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ።

መደህን ምስየና ክፍለ

# ስድራቤት

ዮሴፍ ሃይለማርያም

## ምስ ወለደይ ክራኸብ . . .

ሳሙኤል ብርሃነ እዩ ዝበሃል። እዚ ስም፡ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዝሃቦ እዩ። ምኽንያቱ፡ ሳሙኤል ወለዱ ይኹን ቤተሰቡ ኣይፈልጥን እዩ። ኣብ ትሕቲ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን'ዩ ኣብ ስድራቤታዊ ክንክን ጉጅለ ቈልዑ (Group home) እናተኣልየ፡ ኣብ ከረን ዓብዩ።



ሳሙኤል ብርሃነ (ብህጻንነቱ)

ሳሙኤል ብዕለት 03/09/2003 እዩ፡ ኣብ ዞባ ዓንሰባ ንኡስ ዞባ ሓጋዝ - ከባቢ ቤት ጽሕፈት ህግደፍ ሓጋዝ፡ ሰዓት 9፡00 ምሸት ተረኺቡ። ሽው ሳሙኤል ወዲ ሓደ ወርሒ ህጻን እዩ ነይሩ። ብጨርቂ ተጠቕሊሉ ተረኺቡ። ብመንገዲ ፖሊስ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ድማ ፈለማ ናብ ሆስፒታል ሓጋዝ፣ ጸኒሑ ናብ ሆስፒታል ከረን ተወሲዱ፡ ዘድሊ ሕክምናዊ ክትትል ረኺቡ። ኣብ ሆስፒታል ከረን ምክትታል ምስ ተገብረሉ ከኣ፡ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ምሉእ ሓላፍነት ወሲዱ ተረኪቡዎ። ካብኡ ንደሓር፡ ክሳብ ወዲ ኣርባዕተ ዓመት ዝኸውን ኣብ ኣስመራ መናበዩ ዘኽታማት ምስ ተኣልየ፡ ብድሕሪኡ ናብ ስድራቤታዊ ክንክን ጉጅለ ቈልዑ ከረን ተሰጋጊሩ፣ ኵሉ መዳያዊ ክትትልን ሓልዮትን እናተገብረሉ ክሳብ ወዲ 18 ዓመት ዝኸውን ኣብኡ ተኣልዩ።

ኣብ ቤት ትምህርቲ ቴክኒክ ማይ-ሓባር ንክልተ ዓመት ተማሂሩ ከኣ፡ ብዓውዲ 'ጀነራል ሜታል' ተመሪቑ። ምስ 36 ዙርያ ሳዋ ወሪዱ ታዕሊሙ ዛዚሙ ከኣ፡ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ፡ ኣብ ህዝባዊ ኣገልግሎት ቴክኒክ ዓዲ ሃሎ ተመዲቡ ይሰርሕ ኣሎ።

ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ወዲ 23 ዓመት ኮይኑ ዘሎ መንእሰይ ሳሙኤል፡ ሓደ ካብ'ቲ ልዑል ኣድህቦ ሂቡ ዝጽዕረሉ ዘሎ፡ መንነቱ ንምፍላጥ እዩ። ካብ መን'የ ተወሊደ፧ ስድራቤተይ መን እዮም፧ መበቆል ዓደይ ኣበይ እዩ፧ ወዘተ ንዝብሉ ሕቶታት መልሲ ንምርካብ፡ ብመገዲ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ - ዓምዲ ስድራቤት ሓበሬታኡ ናብ ኣንበብቲ ብምሃብ ተበጊሱ ኣሎ።

መንእሰይ ሳሙኤል ብቓላቱ ከምዚ ክብል እዩ ዝገልጽ - "ስድራይ ክደሊ ዘበገሰኒ ምኽንያት፡ ክንዲ ሰብ ኣኺለ ስለዘለኹ መንነተይ ንምፍላጥ እዩ። ኣቦይ ኰነ ኣደይ፡ ጸገም ስለ ዘረኸቦም ደኣ ገዲፎምኒ እምበር፡ ጸሊኦምኒ ወይ ፈንፊኖምኒ ከምዘይኰኑ እርድኣኒ እዩ እሞ፡ ሕጂ'ውን እንተኾነ ኣብ ልዕሊ ወለደይ (ብፍላይ ወላዲተይ) ዘኹነ ቂምታ የብለይን። ስለዚ፡ ወለደይ፡ ብህይወት እንተ ደኣ ሃልዮም፡ ክሓቝፉኒን ኣለና ክብሉኒን ብዓል ዓቢ ተስፋ እየ። ህዝብና ድማ ተሓባባሪ ስለዝኾኑ፡ ብዛዕባ መንነተይ ሓበሬታ ምስ ዝህልዎ ክሕግዘኒ ብሃንቀውታ እጽበ ኣለኹ።"

ሳሙኤል ኣስዒቡ፡ መንግስቲ ብሓፈሻ፡ ብፍላይ ድማ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን፡ ስለ'ቲ ብህይወት ሰሪሩ፡ ተማሂሩ ኣብ'ዚ ደረጃ'ዚ ክበጽሕ ዝገበሩሉ ሓልዮትን ክንክንን፡ ልባዊ ምስጋናኡ የቕርብ። ብተወሳኺ፡ ነቶም ኣብ ህይወቱ ብሞራልን ካልእን ኣበርክቶ ዝገበሩሉ ውልቀ-ሰባትን ፈለጥቱን፡ የቐንየለይ ክብል'ዩ ዘመስግን።

ዝኸበርኩም ኣንበብቲ ዓምዲ ስድራቤት፡ መንእሰይ ሳሙኤል ንዛንታኡ ብኸምዚ ኣብ ላዕሊ ዝተገልጸ ብሕጽር ዝበለ ሓቢሩና ኣሎ'ሞ፡ ወለዱን ቤተሰቡን ኣብ ምርካብ ናይ ወትሩ ምትሕብባርኩም ኣይፈለየ። ነዚ ሂቡዎ ዘሎ ሓበሬታ ተገንዚብኩም ክትሕግዝዎ ብሃንቀውታ እጽበየኩም ኣሎ። ስለዚ፡ ብዛዕባ መንነት ሳሙኤል ሓበሬታ ዘለዎ ሰብ፡ ብቑጽሪ ቴለፎናት 07607686 ወይ ድማ 116266 ደዊልኩም ክትተሓባበሩ ነዘኻኽረኩም።

## ምስ ወለደይ ክራኸብ . . .

እዚ ኣብ ስእሊ እትዕዘብዎ ዘለኹም ህጻን ቴድሮስ ተኽለ እዩ ዝበሃል። እዚ ስም፡ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዝሃቦ እዩ። ቴድሮስ፡ ወለዱ ይኹን ቤተሰቡ ኣይፈልጥን እዩ። ኣብ ትሕቲ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን'ዩ ኣብ ስድራቤታዊ ክንክን ጉጅለ ቈልዑ (Group home) እናተኣልየ፡ ኣብ ድባርዋን ደቀምሓረን ዓብዩ።

ቴድሮስ ፈለማ ብዕለት 01/05/2004 እዩ፡ ኣብ ከረን - ከባቢ 3 እግሪ ፎርቶ ብጸሊም ጨርቂ ተሸፊኑ ሰዓት 6፡00 ንግሆ ተረኺቡ። ሽው ወዲ ሰለስተ ሰሙን ኣቢሉ ይኸውን ነይሩ። ብመንገዲ ፖሊስ ከተማ ከረን ድማ ናብ ሆስፒታል ከረን ተወሲዱ፡ ዘድሊ ሕክምናዊ ክትትል ረኺቡ። ኣብ ሆስፒታል ከረን ምክትታል ምስ ተገብረሉ ከኣ፡ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ምሉእ ሓላፍነት ወሲዱ ተረኪቡዎ። ካብኡ ንደሓር፡ ክሳብ ወዲ ኣርባዕተ ዓመት ዝኸውን ኣብ ኣስመራ መናበዩ ዘኽታማት ምስ ተኣልየ፡ ብድሕሪኡ ናብ ስድራቤታዊ ክንክን ጉጅለ ቈልዑ ድባርዋን ደቀምሓረን ተሰጋጊሩ፡ ኵሉ መዳያዊ ክትትልን ሓልዮትን እናተገብረሉ ክሳብ ወዲ 18 ዓመት ዝኸውን ኣብኡ ተኣልዩ። ኣብ ቤት ትምህርቲ ቴክኒክ ደምቦስኮ ንክልተ ዓመት ተማሂሩ ከኣ፡ ብዓውዲ ዉድ-ዎርክ (woodwork) ተመሪቑ። ምስ 38 ዙርያ ሳዋ ወሪዱ ተዓሊሙ ዛዚሙ ከኣ፡ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ፡ ኣብ ምምዕባል ሞያዊ ዓቕሚ ሰብ ዓዲ ሃሎ ተመዲቡ ይሰርሕ ኣሎ።

ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ወዲ 22 ዓመት ኮይኑ ዘሎ ቴድሮስ፡ ሓደ ካብ'ቲ ልዑል ኣድህቦ ሂቡ ዝጽዕረሉ ዘሎ፡ መንነቱ ንምፍላጥ እዩ። ካብ መን'የ ተወሊደ፧ ስድራቤተይ መን እዮም፧ መበቆል ዓደይ ኣበይ እዩ፧ ወዘተ ንዝብሉ ሕቶታት መልሲ ንምርካብ፡ ብመገዲ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ - ዓምዲ ስድራቤት ሓበሬታኡ ናብ ኣንበብቲ ብምሃብ ድማ ተበጊሱ ኣሎ።

መንእሰይ ቴድሮስ ብቓላቱ ከምዚ ክብል እዩ ዝገልጽ - "ስድራይ ክደሊ ዘበገሰኒ ምኽንያት፡ ክንዲ ሰብ ኣኺለ ስለዘለኹ መንነተይ ንምፍላጥ እዩ። ኣቦይ ኰነ ኣደይ፡ ጸገም ስለ ዘረኸቦም ደኣ ገዲፎምኒ እምበር፡ ጸሊኦምኒ ወይ ፈንፊኖምኒ ከ ም ዘ ይ ኰ ኑ እርድኣኒ እዩ እሞ፡ ኣብ ልዕሊ ወለደይ (ብፍላይ ወላዲተይ) ዘኹነ ቂምታ ከም ዘይብለይ ክገልጽ እፈቱ። ስለዚ፡ ወለደይ፡ ብሂወት እንተ ደኣ ሃልዮም፡ ሸግረይ ተረዲኦም ክሓቝፉኒን ኣለና ክብሉኒን ብዓል ዓቢ ተስፋ እየ። ህዝብና ድማ ተሓባባሪ ስለዝኾኑ፡ ብዛዕባ መንነተይ ሓበሬታ ምስ ዝህልዎ ክሕግዘኒ ብሃንቀውታ እጽበ ኣለኹ።"



ቴድሮስ ተኽለ (ብህጻንነቱ)

ቴድሮስ ኣስዒቡ፡ መንግስቲ ብሓፈሻ፡ ብፍላይ ድማ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን፡ ስለ'ቲ ብሂወት ሰሪሩ፡ ተማሂሩ ኣብ'ዚ ደረጃ'ዚ ክበጽሕ ዝገበሩሉ ሓልዮትን ክንክንን፡ ልባዊ ምስጋናኡ የቕርብ። ብተወሳኺ፡ ነቶም ኣብ ሂወቱ ብሞራልን ካልእን ኣበርክቶ ዝገበሩሉ ውልቀ-ሰባትን ፈለጥቱን፡ የቐንየለይ ክብል'ዩ ዘመስግን።

ዝኸበርኩም ኣንበብቲ ዓምዲ ስድራቤት፡ መንእሰይ ቴድሮስ ንዛንታኡ ብኸምዚ ኣብ ላዕሊ ዝተገልጸ ብሕጽር ዝበለ ሓቢሩና ኣሎ'ሞ፡ ወለዱን ቤተሰቡን ኣብ ምርካብ ናይ ወትሩ ምትሕብባርኩም ኣይፈለየ። ነዚ ሂቡዎ ዘሎ ሓበሬታ ተገንዚብኩም ክትሕግዝዎ ብሃንቀውታ ይጽበየኩም ኣሎ። ስለዚ፡ ብዛዕባ መንነት ቴድሮስ ሓበሬታ ዘለዎ ሰብ፡ ብቑጽሪ ቴለፎናት 07799142 ወይ ድማ 116266 ደዊልኩም ክትተሓባበሩ ነዘኻኽረኩም።

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | መደብ ቡና |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ዕላል ጥዑዑት |
| 14:25 | ተክ ኢንሳይት |
| 15:00 | መቓልሕ መንእሰያት |
| 15:35 | ፓኖራማ |
| 15:50 | ዕላል ተመክሮ |
| 16:15 | መደብ ናትራን 1ይ ክፋል |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፌ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | መደብ ናትራን 2ይ ክፋል |
| 19:25 | ፊዩራና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ዜና ስፖርት |
| 20:25 | ፊልም ገጽታ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፊልም ፈንቅል |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 23:00 | እትመት |

# “ቋንቋ ምልክት፡ ማእከል ስሕበት ኩለንትናዊ ምዕባለ ጽሙማን እዩ” 5ይ ጉባኤ ማ/ጽ/ኤርትራ

ቤትኤል ሰለሙን
ስእሊ - የውሃንስ ሙብራህቱ
(ኣ/ዜ/ኤ - ዞባ ማእከል)

ሃገራዊ ማሕበር ጽሙማን ኤርትራ፡ ብመሰረት ሲቪላዊ ሕጊ ዓንቀጽ 404-423 ብሰናይ ድሌት መንግስቲ ኤርትራን ምሉእ ተሳትፎ ጽሙማን ዜጋታትን ኣብ ወርሒ ሰነ 1998 ዝቖመ ማሕበር እዩ። እዚ ማሕበር ከም ኩለን ማሕበራት ዕማማቱ ንምዕዋት ዘኽእሎ ራእን ተልእኾን ዘለዎ ኮይኑ፡ ውሑስን ጥጡሕን ህይወትን ናብራን ዘለዎም ኣፍረይቲ ጽሙማን ዜጋታት ምህናጽ ኣቓሚጥዎ ዘሎ ራኢ ክኸውን ከሎ፡ ተልእኾኡ ከኣ ህይወትን መጻእን ተሳትፎ ጽሙማንን ስድራቤቶምን ምምሕያሽን ምምዕባልን ዝብል እዩ። እዚ ማሕበር ካብ ዝምስረት ዛጊት ኣርባዕተ ጉባኤታት ኣካይዱ ኣሎ። ብ8 ነሓሰ ከኣ መበል 5ይ ጉባኤኡ ኣካይዱ።



እቲ “ቋንቋ ምልክት ማእከል ስሕበት ኩለንትናዊ ምዕባለ ጽሙማን እዩ” ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ዝተኻየደ ጉባኤ፡ ሚኒስተር ፍትሒ ፎዝያ ሓሸም፡ ሚኒስተር ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ወ/ሮ ልኡል ገብርኣብ፡ ዝርከባኦም ሓለፍቲ መንግስትን ግንባርን፡ ተወከልቲ ሃገራውያን ማሕበራት፡ ካብ ኩለን ዞባታት ዝመጽኡ ሓለፍቲ ማሕበራት ጽሙማን ኣብ ዝተረኽቡሉ ብዝኽሪ ሰማእታት ድሕሪ ምፍላሙ፡ ኣቦ መንበር ማሕበር ጽሙማን ኤርትራ ኣቶ ወልደሚካኤል ስእለ መኽፈቲ ቃል ናይቲ ዕለት ኣቕረቡ።

ስሩዕ ጉባኤ ብሰንኪ ክስተት ኮሮና ቫይረስ ኣብ እዋኑ ክካየድ ከምዘይከኣለ ብምጥቃስ ከኣ፡ እዚ ጉባኤ ዝካየደሉ ዘሎ ቴማ ቀንዲ መልእኽቱ፡ ቋንቋ ምልክትን ጽሙማንን ዘይነጻጸሉ ክልተ ገጻት ናይ ሓንቲ ሳንቲም ስለዝኾኑ፡ ከምቲ ዓሳ ብዘይ ማይ ዘይነብር ጽሙማን ድማ ብዘይ ቋንቋ ምልክት ኣብ ኩሉ መዳይ ናይ ህይወት ዕብየቶም ክረጋገጽ ከምዘይክእል ገሊጹ።

ስንክልና ጽመት፡ ድሩትነቱ



ኣቶ ወልደሚካኤል ስእለ

ክንዮ ኣብ ምብህሃል ኣብ ምምሃርን ምስትምሃርን እዩ ጎሊሑ ዝርአ ዝበለ ኣቶ ወልደሚካኤል፡ በዚ ምኽንያት ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ዝርከቡ ተማሃሮ ኣብ ማእከላይ ደረጃ ክሓልፉ ኣይከኣሉን። ከም ሳዕቤኑ ድማ ኣብ ማሕበራዊ ርክባቶም ክሽገሩ ጸኒሖም ኣለዉ። እዚ ጉባኤ ኣቓሚጥዎ ዘሎ ቴማ ውሑስ ዝኾነ ዕብየትን ምዕባለን ዓቢ ወፍሪ ኣብ ቋንቋ ምልክት ንምግባር ዘዘኻኽር ምዃኑ ብሰፊሑ ገሊጹ።

ማሕበር ጽሙማን ኣብ ቋንቋ ምልክት ንዘሎ ሕጽረታት ንምፍታሕ ምስ መሻርኽቲ ብፍላይ ከኣ ምስ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ብምውህሃድ፡ መምሃርን መሰልጠንን ዝኾኑ መጽሓፍትን ቪድዮታትን ብምድላው ቋንቋ ምልክት ናብ መላእ ሕብረተሰብ ንኽብጸሕ ብዘይሕለል ጻዕሪ ይሰርሕ ምህላዉ ኣብ ቃሉ ዝገለጸ ኣቶ ወልደሚካኤል፡ ቋንቋ ምልክት ኣብ ስርዓተ ትምህርቲ ኣትዩ፡ ንጽሙማን ዝምህሩ መምሃራን ክምልመሉ ከምኡ’ውን ኣብ ውሱን ቦታ ጥራይ ዝርከብ ናይ ጽሙማን ኣብያተ ትምህርቲ ንምስፍሑ ምስ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ብውህደት ይሰርሑ ምህላዉ ኣብሪሁ።

ውድብ ጥዕና ዓለም ኣብ ዝገበሮ መጽናዕቲ፡ ካብቶም 1 ቢልዮን ምስ ስንክልና ዝነብሩ ህዝብታት፡ እቶም 278 ሚልዮን ጽሙማን ምዃኖም ይሕብር። ብደረጃ ሃገር ዝተገብረ መጽናዕቲ ድማ 40% ደቂ ኣንስትዮ ዝርከባኦም ኣስታት 30 ሽሕ ጽሙማን ከም ዘለዉ ይፍለጥ። ነዞም ምስዚ ስንክልና ዝነብሩ ዜጋታት መሰላቶምን ግቡኣቶምን ንምርግጋጽ ከኣ ተራ ኩሉ ኣካል ሕብረተሰብ እዩ። ኣቶ ወልደሚካኤል’ውን ኣብ ቃሉ ነዚ ዝስዕብ ደምዳሚ ሓሳብ ኣቕረበ።

“ጽመት ዝተሓላለኸ ስንክልና እዩ” ብምባል እዚ ዛዕባ ጉዳይ ኩሉ ኣካል ሕብረተሰብ ብምዃኑ፡ መሰላቶም ክውሓስ፡ ናይ ስራሕ ዕድላት ክረኽቡ፡ መነባብሮኦም ክመሓየሽ ብውህደት ክስርሑ ከምዘለዎ’ዩ ኣዘኻኺሩ።

ድሕሪ’ዚ፡ ቃል ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዘሰመዐ፡ ዳይረክተር ጀነራል ክፍሊ ማሕበራዊ ድሕነት ኣቶ ምሕረትኣብ ፍስሃየ እዩ። ምስ ጽመት ዝነበሩ ዜጋታት ከም ካልኦት ስንኩላን ኣካል ጸጋ ሕብረተሰብ እዮም። ነዞም ዜጋታት ምዕሩይ ዕድላት ዝረኽቡሉ ባይታ ንምጥጣሕ ከኣ ሕመረት ስትራተጂካዊ መትከል መንግስትን ግንባርን ምዃኑ ገሊጹ።

ብደረጃ ሃገር መደብ ኮማዊ ሰረት ተሃድሶን ልምዓትን ከም ቀንዲ ስትራተጂ ብምትእትታው ማዕረ ዕድላትን ተሳታፍነትን ምስ ስንክልና ዝነብሩ ዜጋታት ንምርግጋጽ ይስርሓሉ ምህላዉ ዝገለጸ ኣቶ ምሕረትኣብ፡ ሃገራውያን ማሕበራት ስንኩላን ውዳበታትን ብምሕያል፡ ኣፍልጦ ምስ ስንክልና ዝነብሩ ሰባት ንምዕባይ ኮም ሰረት ዝገበረ ንጥፈታት የካይዳ ኣለዋ። ማሕበር ጽሙማን’ውን ኣካል ናይዚ መደብ ብምዃን ይዓዪ ኣሎ። ማሕበር ጽሙማን ኣብ ምስፋሕን ምውዳብን፡ ኣገልግሎት ስልጠናን ትምህርትን፡ ርእሰኻ ናይ ምኽኣል ዕጥቂ፡ ዘተባብዕ’ኳ እንተ ኾነ ገና ክስገሩ ዘለዎም ብድሆታት ስለዘለዉ ሓያል ስራሕ ከምዘድሊ ኣብሪሁ።

ኣብ መወዳእታ ኣቶ ምሕረትኣብ፡ ማሕበር ኣብ ዝሓለፈ 26 ዓመታት ዘካየዶም ንጥፈታትን ዝቐሰሞም ተመኩሮታትን ብምግምጋም፡




ንመጻኢ ከም መንጠሪ ባይታ ክጥቀሙሉ እዚ ጉባኤ ልዑል ተራ ከም ዘህልዎ ብምጥቃስ ከኣ፡ ጉባኤ ብዓወት ክዛዘም ዘለዎ ሰናይ ትምኒት ብምግላጽ ሚኒስትሪ ዕዮን




ማሕበራዊ ድሕነትን ኣብ ጎኖም ኮይኑ ክሰርሕ ዘለዎ ድሉውነት ኣረጋገጹ።

ኣብቲ ኣጋጣሚ፡ ዕድመ ዝተገብረሎም ማሕበራት፡ ማሕበር ዓይነ-ስዉራን፡ ማሕበር ሓርበኛታት ስንኩላን ኩናት ኤርትራ፡ ማሕበር ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልና (ኣምስ) ተረኺቦም ናይ ምሕዝነት ቃሎም ኣቕሪቦም። ብመሰረት ዘቕረብዎ ቃል፡ ኣብ ኩሉ ንጥፈታት ብውህደት ክሰርሑ ልዕሊ ካልእ እዋን ኣገዳሲ ምዃኑ ገሊጾም። ንዓኡ ሰዒቡ ድማ ካብ 2018-2026 ሓጺር ጸብጻብ ማሕበር ብኣቦ መንበር ማሕበር ጽሙማን ኣቶ ወልደሚካኤል ስእለ ቀረበ።

ኣብቲ ዝቐረበ ጸብጻብ፡ መነባብሮ ጽሙማን ንምምሕያሽ፡ ዝተፈላለየ ሞያዊ ስልጠናታት ማለት ቅዲ ክዳን፡ ዲዛይን፡ ቅብኣን ምድላው መግብን ሰልጢኖም። ቋንቋ ምልክት ንምስፋሕ ኣብ ዝተወሰደ ተበግሶ’ውን ብደረጃ ሃገር 2,171 ኣብ ዝተፈላለየ ትካላት መንግስቲ ዝሰርሑ ተርጎምቲ ክፈርዩ ክኢሎም ኣለዉ። ዕድላት ትምህርቲ ንምስፋሕ ኣብ ዝተገብረ ወፍሪ ድማ፡ ኣብ ንኡሳን ዞባታት ጊንዳዕ፡ ኣቑርደት፡ ናቕፋ፡ ከምኡ’ውን ባጽዕ ንጽሙማን ዕድላት ትምህርቲ ተራሒዩሎም ኣሎ። እዚኣምን ካልኦትን ካብቲ 4ይ ጉባኤ ዝተኻየደሉ ክሳብ ሕጂ ዝተዓመሙ ንጥፈታት እዮም።

ገለ ካብቶም ማሕበር ኣብ መጻኢ ክሰርሓሎም ዝቐመጦም መደባት ስራሕ፡ ጽሙማን ዕድላት ትምህርቲ ዝረኽቡሉ ባይታ ምፍጣር፡ ቋንቋ ምልክት ኣብ ዓውደ ፍልጠት ክተኣታቶ ምጽዓር፡ መሰልጠኒ ማእከላት ጽሙማን ኣብ ዞባታት ምስፋሕ፡ ኣብ ስራሕ ሓገዝትን ኣማዕበልትን ሞያዊ ስልጠናታት ብቑዓንነት ምስራዕ፡ ስልጠና ቋንቋ ምልክት ኣብ ኮለጃት፣ ሕክምናዊ ማእከላትን ኣብያተ ፍርዲ ኩለን ዞባታትን ምትእትታው እዮም።

እዚ ከምዚ ኢሉ ከሎ፡ “ፈጠራውነት ጽሙማን ነተባብዕ” ኣብ ትሕቲ ዝብል መሪሕ ጭርሖ ብኣባላት ማሕበር ጽሙማን ዝቐረበ ኢደ ጥበባዊ ስርሓት፡ ምህዞን ሰንዓን ስእላዊ ምርኢትን ንዕዱማት ኣጋይሽ ንምርኢት ቀረበ። ብተወሳኺ ብመምህር ትልሂትን መዚቃን ኣቶ ካሕሳይ ገብረሂወት፡ ንትሽዓተ ኣዋርሕ ስልጠና ዝቐሰሙ ጽሙማን፡ ትልሂት ኣቕሪቦም።

5ይ ጉባኤ ሃገራዊ ማሕበር ጽሙማን ኤርትራ ንምዕዋት፡ ንድፊ ቅዋም ብምድላው፡ ኣብ ሸዱሽተ ዞባታት ወከልቲ ጉባኤ ከምዝምረጹ ብምግባር እዩም ኑቲ ዕለት ድሉዋት ኮይኖም። ኣብቲ ጉባኤ ብሓፈሻ 27 ደቂ ኣንስትዮ ዝርከብኦም 86 ተጋባእቲ እዮም ተሳቲፎም። ንኸሰጋስ ማሕበር ዝገልጽ ዝርዝራዊ ጸብጻብ ምስ ተነበ፡ ተጋባእቲ ኣብ ምምሕያሽን ምጽዳቕን ቅዋም ማሕበር ብምዝታይ ርእይቶታት ኣቕሪቦም። ድሕሪ ዝቐረበ ጸብጻብን ዘተን ከኣ ንዝቕጽል ኣርባዕተ ዓመታት እተሰርሖም ሓዳስ ኣካያዲት ኣካል መሪጾም። ምርጫ ኣካያዲት ኣካል ምስ ተዛዘመ፡ ደምዳሚ ጸብጻብ ጉባኤ ምስ ቀረበ እቲ ኣብ ቅድምን ድሕርን ቀትሪ ዝተኻየደ መደብ፡ ብዘመርቲ ቋንቋ ምልክት ዝተሰነየ ሃገራዊ መዝሙር ብምዝማር እዩ ተዛዚሙ።

ዓንዶም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)

# ገስጋስ መደብ ምጥፋእ መሃይምነትን ትምህርቲ ንዓበይቲን - ካበይ ናበይ

*ዓምዲ ልምዓት፡ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፡ ኣብ ካልኣይ ክፋል ናይዚ፡ “ኪንን መደብ ምጥፋእ መሃይምነትን ትምህርቲ ንዓበይቲን - ካበይ ናበይ” ብዝብል፡ ቅድሚን ድሕሪን ናጽነትን ናይቲ መደብ ዝድህስሱ ምስ ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ትምህርቲ ንዓበይቲን ሚድያን ኣቶ ገብረዝጊ ደማሙን ኣብቲ ክፍሊ፡ ሓላፊ ጨንፈር ምውጣንን ምምህልን ካሪክለም ትምህርቲ ንዓበይቲ ኣቶ ትካቦ ኣይመትን ዝተኻየደ ሰፊሕ ቃለ መሕተት፡ ኣብ ቅድሚ ናጽነት ዝምምት ናይቲ መደብ ከተተግበር ቀለል ስራሕ ከምዝሃብረ፤ ኣብቲ ፍጻም ምቹእነት ዘይነበረሉ ግዜን ቦታን ጸገማትን ከቢድን መድረኽ ነቲ ማስርሕን መምርሒን ከሰልጡ ዝተመደቡ መምህራንን ከምጥቀምም ዝበርሞ ናውቲ መምህሪ ኣብ ምርኻብ ዝበረ ማሕንቖታት፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን ንናይቲ እዋን ጸገማት ከኒታት ብምዝካር፡ ፍረኡ ብምምዝጋም ብኸመይ ይግለጽ፡ ዘርዚሮ ትሕዝቶ ኣቕሪብናዮ፡ ሳልሳይ ክፋል ይስዕብ።*

ሰኣሊ፡ ኣብርሃም በየነ

ሳልሳይ ክፋል

መደብ ምጥፋእ መሃይምነትን ትምህርቲ ንዓበይቲን ሓደ ኣይኮኑን - ክልቲኦም ዝተፈላለዩ እዮም። ምጥፋእ መሃይምነት፡ ጽሒፍካን ኣንቢብካን ድሕሪ ምኽኣል፡ ኣብ ዕለታዊ ህይወት ለውጢ ከተምጽኣሉ ኣብ እትኽእለሉ ደረጃ ምብጻሕ ክኸውን እንከሎ፡ ብኣንጻሩ ትምህርቲ ንዓበይቲ ግን፡ ንምቕጻል ትምህርቲን ምቕሳም ሞያን ዘጠቓልል ሰፊሕ ኣምር እዩ። ብዛዕባ'ዚ ብዙሕ ግዜ ተገሊጹ'ዩ። ትምህርቲ ምጥፋእ መሃይምነት ኣብ ግዜ ቃልሲ፡ መሰረት ናይ'ዚ መንግስቲ ኤርትራ ድሕሪ ናጽነት ዘኽተሎ ዘሎ፡ ንርሑቕ ዕላማን ራእይን ውድብ ህዝባዊ ግንባር ዘጉልሕ ስትራተጂ እዩ። ትምህርቲ መደብ ምጥፋእ መሃይምነት ኣብ ግዜ ሓርነታዊ ቃልሲ፡ ጽቡብ ዝበለ ዓንኬል ኣንቢብካን ጽሒፍካን ናይ ምኽኣል ደረጃ ሓሊፉ፡ ኣብ ጉስጓስ ባህሊ ማለት ጥቕሚን ጉድኣትን ፈሊኻ ምርዳእ፣ ኣብ ማሕበራዊ ህይወት፣ ከምኡ'ውን ኣብ መዳይ ማዕርነት፣ ሓፈሻዊ ንቕሓት ሕብረተሰብ ኣብ ምዕባይ ወሳኒ ግደ ነይሩዎ። ገለ ካብኡ ዕላማን ቃልስን ንናጽነት ተረዲኡካ ተልእኾ ውድብ ብዝዮሮእ ኣብ ምስላጥ ሓደ ኣበርክቶ ኮይኑ ክዝከር ዘለዎ እዩ።

- **ኣቶ ትካቦ ነዚ ኣመልኪትካ እትህቦ ተወሳኺ መብርሂ እንታይ ኣሎ፧**

ደጋጊምና ንገልጾ ከም ዘለና፡ እዚ ብመሰረቱ ውድብ ህዝባዊ ግንባር ኣብ ትምህርቲ ዝበሮ እምነት እዩ ዝገልጽ። ውድብ ህዝባዊ ግንባር ኣብ ሕመረት ትምህርቲ ዝበሮ ርድኢት ብዕምቈት እትገልጽ፡ “ዝተማህረ ይምሃር፡ ዘይተማህረ ይመሃር” እትብል ናይቲ እዋን ጭርሖ ምፍላጥ ኣኻሊ እዩ። እዛ ዕዙዝ ትርጉም ዘለዋ ጭርሖ፡ ምስቲ ኣብ ሜዳ ዝበረ ድስፕሊንን ምእዝዛዙትን መምህር ኩይኑ ኣብቲ እዋን'ቲ ዝምደብ ዝበረ ሰብ ናይ ተጋዳላይ ዕማም ከኣ ስለ ዝበሮ፡ መዓስ ደሰዋእ ዝፈልጥ ኣይነበረን። ብህይወቱ ኣብ ዝህልወሉ ሰዓት ጽቡቕ ክርኢን ከፍሪን ስለ ዝበሮ ግዱ ዝጋታቱ ከንቅሕ ህይወቱ ወፍዩ ክሰርሕ ነይሩዎ። ብቐንዱ ኸኣ እቲ ድሕሪ ናጽነት ክርአ ትጽቢት ዝበረ ስትራተጂ ትምህርቲ ውድብ ህዝባዊ ግንባር፡ ሽዑ ክርአ ስለ ዝበሮ፡ እቲ ራእይን ናይ ምትግባር ኒሕን ሽዑ ዝሰረትን ዝጥረን ክኸውን ነይሩዎ። ኮይኑ ድማ፡ ሰረት ናይዚ ሕጂ እንኸዶ ዘለና ኣገባብ ኮይኑ የሰርሓና ኣሎ።

“ጭርሖ፡ ‘ዝተማህረ ይምሃር፡ ዘይተማህረ ይመሃር’ ህዝባዊ ግንባር ግን፡ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ተደሪቱ ዝተርፍ ኣይነበረን። ውድብ ኣብ 1980ታት ከም ኣብ ውሽጢ ኤርትራ እቲ መደብ ኣብ ሱዳን እውን ክቕጸድ ኣለዎ ዝብል መምርሒ ብምውጻእ፡ መደብ ውድብ ከኣ ሸለል ኢልካ ዝሕለፍ ስለ ዝበረ፡ በዚ መሰረት ብዘይ ወዓል ሕደር ብኸም'ቲ ዝተወጠነሉ ክትግበር ነይሩዎ። መደብ ምጥፋእ መሃይምነት ኣብ ሱዳን ክቕጸድ ውድብ ዝተበገሰሉ ምኽንያት ድማ ነይሩዎ። ኣብዚ ዝተጠቕሰ ግዜ ኑቲ መደብ ንምትግባር ናብ ሱዳን ካብ ዝተላእኹ እየ ነይረ። ኣብኡ ዝነበር ዝበረ ዘይተማህረ ህዝብና፡ ዕላማ ቃልሱ ብዓቢኡ ኸኣ፡ ታሪኹ ክፈልጥ ስለ ዝበሮ፡ ግድን ክመሃር ነይሩዎ። ስለዚ ነዚ ዝተጠቕሰ ተልእኾ ንምዕዋት፡ ብቐዳምነት ክትግበር ወይ ክስረሓሉ ዝበሮ፡ ኣብ ውሽጢ ሃገር ይሃሉ ኣብ ሱዳን፡ ኤርትራዊ ዘይተማህረ ዜጋ እግሪ እግሩ እናሰዓብካ መሃይምነት ከም ዘጥፍእ ምግባር እዩ ነይሩ። በዚ ምኽንያት'ዚ ድማ ኢና፡ ኣብ ሰደት ዝነበር ዝበረ ህዝብና ከዘንቅሕ ውድብ ናብ ሱዳን ዝለኣኸና። ኣብ ሱዳን ዝጠዙላ ተመሃሮ ተሳተፍቲ ናይቲ መደብ፡ ናይ ትምህርቲ ዕድል ዘይነበረን ምሉእ ግዜኦን ማለት 24 ሰዓት ዕረፍቲ ኣብ ዘይህብ ስራሕ ክድምና ዝተዋፈራ ደቀንስትዮ እየን ነይረን።

“ኣብ ፖለቲካ ዓለም ትምህርቲ ወሳኒ እዩ። ከምኡ ስለ ዝኾነ ኸኣ ክፍሊ ህዝቢ (ጀማሂር) ህዝባዊ ግንባር እውን፡ ብዝዮሮእ ይሰርሑሉ ነይሮም እዮም። ብትምህርቲ ኣብሎም ድማ እዮም ህዝቢ ብምንቃሕን ብምውዳብን እግሪ እግሪ ውድቡ ከም ዝሰዪድ ዝጉበሩ ነይሮም። ናትና ናይቶም ኣብ መደብ ምጥፋእ መሃይምነት ዝተዋፈርና እውን፡ ነቲ ስራሕ ሓጋዚ ምንባሩ ክስመረሉ ዘለዎ እዩ።

“ኣብ ሱዳን ዝበራ ኣደታት፡ ትምህርቲ ክመሃራን መሰለን ምኻኑ፡ ብቐንዱ ትምህርቲ ክመሃራ ዝተደልየሉ ምኽንያት ኸኣ፡ ውዕል ስራሕ ኣብ ዝጉበራሉ፡ መዓልታዊ ክንዲ ሰዓታት ንሰራሕ፡ ክንደዚ ኸኣ ሓዳራይ ክእልን ክመሃርን ብምባል ክውሰና፡ ብዙሕ እዩ ተጻዊሩሉ። ኣብ መወዳእታ ድማ ፍረ ተረኺቡዎ ብዙሓት ኣደታት ተጠቀምቲ ናይቲ መደብ ክኾና ክኢለን። ወጻዓ ዝመስል ኣብ ዘለዎ ስራሕ ናይ ምስታፍ፡ ‘ኣይፋል’ ናይ ምባል ንቕሓትን ርእሰ ተኣማንነትን ክድልባን ከጥርያን ክኢለን። ኣሰራሕተን እውን ካብዚ ተበጊሶም ከይፈተዉ ኣብ መንበሪ ቤተን ኩሓድራ ከምዝለወን ኣሚናም። እዚ ድሕሪ ብዙሕ ጻዕሪን ጉስጓስን ብመደብ ምጥፋእ መሃይምነት ዝተረኽበ ለውጢን ውጽኢትን እዩ።

“ካልኣይ፡ ተማሂሮም ካድረታት ዝኾኑን ክሳብ ሕጂ እውን ንናይ'ቲ እዋን ቃልሲ ጽቡቕ ኣበርክቶ ኮይኖም ዝቕጽሉ ዘለዉን ብዙሓት ኣለዉ። ኣይኮነንዶ ህዝቢ ኤርትራስ፡ ካብ ደገ እውን ንውድብ ህዝባዊ ግንባር ካብ ሰሩ ብጽቡቕ ፈሊጦም፡ ስነ-ፍልጠታዊ ብዝኾነ ኣተሓሕዛ ናይ ተራድኣታትን እቶትን ስለ ዝበረ፡ ንውድብካ ከመይ ትሕግዞ፧ ጸላኢኻን ፈታዊኻን ምልላይ፡ ከምዚ ኢልካ ብቓላት ዘይግለጽ ሰፊሕ ንቕሓት እዩ ፈጢሩ። “ንውድብ ህዝባዊ ግንባር ህይወተይ ኣይብቅዑን” ምባል ንባዕሉ፡ ውጽኢት ናይቲ ብብእዋኑ ዝተኻየደ ስራሕን ጉስጓስን ብመደብ ምጥፋእ መሃይምነት ዝተኻዕበተ ኣፍልጦ እዩ። እዚ ዘርእየና ኸኣ፡ ፍልጠት ሓይሊ ምኻኑ እዩ። ስለዚ፡ ነዚ ኹሉ መሰረት ዝገበረ፡ ድሕሪ ናጽነት እውን ናህሪ ወሲኹ ዝቐጸለ መደብ ምጥፋእ መሃይምነት፡ ይጽንሓሊይ ዘይብሃሎ ሃገራዊ ዕማም ኮይኑ ክቕጽል ሓጊዙ። በዚ ኸኣ ንውጽኢቱ መሰረት ገይርና እናኸሰኩሰናዮ ክንከይድ እንከለና፡ ‘ኣብ እዋን ቃልሲ ምጥፋእ መሃይምነት ዝተዓደለን ዝበራ ዓዲታት ተለልዩወንዶ፤ ውጽኢቱ ከመይ ኣሎ፧’ ብምባል፡ ዝባጋታት ንውከሶም ኢና። ዞባታት እውን ካብዚ ተበጊሶም ንእነቕርበሎም ሕቶታት ግቡእ ምላሽ እዮም ዝህቡና። ነዚ መጽናዕቲ ንምግባር ንኣብነት ናብ ከም ብዓል ሳሕል፡ ፍልፍልን ሃበሮን ዝበሉ ከባቢታት ኣብ ዝተንቀሳቐስናሉ፥ ሰሩዕ ትምህርቲ፡ መደብ ዓሪዩት ብምክትታል ናብ 6ይ ክፍሊ ዝተጸንበሩ ብዙሓት ተማሃሮ ረኺብና። እንተኾነ ኣብኡ ናይ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ቤት ትምህርቲ ስለ ዘይብሎም፡ ናይ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ትምህርቶም ንምቕጻል፡ ናብ ከረን እዮም ዝጐዓዙ።

“ኣብዚ ግን ኣውዳት እምበር ደቀንስትዮ ኣይሰዕባኡን እየን። ስለምንታይ ኣይቅጽልን ንዝብል፡ ንገለ ካብ ኣባላት ኮሚተ ወለዲ ትምህርቲ ተወኪሶና ዝረኸብናዮ ሓበሬታ፡ ‘ሳላ ህዝባዊ ግንባር ፍልልይ ናይ ጾታ ማለት ወዲን ጓልን ዝበሃል ሃሰሱ እዩ። ካብዚ ብምብጋስ መልሲ ናይዛ ትሓቱዋ ዘለኹም ሕቶ ንምብራህ፡ እቲ ከምኡ ዝጉበር ዘሎ ቀጠባዊ ከኣታትና'ምበር ካልእ ምኽንያት የብሉን። ደቅና ተኻርዮም ክመሃሩ፥ ክራይ ገዛ ክንከፍለሎም ኣይንኽእል ኢና። ኣብዚ መዳይ ትምህርቶም ክቕጽሉ ካብ ንደቀንስትዮ ንኣውዳት ናብ ከረን ክትልእኾም ይቐልል። ንሶም ሰሪሖም ንገለ ዝኾናም ኣታዊ ክረኽቡ ስለ ዝኽእሉ፥ ደቀንስትዮ፡ ትምህርተን ክቕጽላ ናብ ከረን ምስዳድ ግን፡ ጽቡቕ ውጽኢት ኣይረኸብናሉን። ኣብኡ ኣትየን ብኣኩዳድናን ኣለባብሳን ኑተን ኣብኡ ዝጸንሓ ደቀንስትዮ ክመስላ ስለ ዝደልያ፡ ንሕና ድማ ኑቲ ንሰን ዝደልያኦን ዝጠልባኦን ከተማልኣለን ስለ ዘይንኽእል በዚ ትምህርተን ከቋርጻ ይግደዳ።’ ዝብል ይርከቦ። ኣብ ገለ እቶም ዝሓለፉ ተማሃሮ ኣሕዋት ወዲን ጓልን ምስ ዝኾኑ ግን፡ እቲ ወዲ ኣብ ትርፊ ግዜኡ ሰሪሑ እናኣተወ፡ ሓብቱ ድማ ሓዋ ዘምጽኣላ ኣብ ገዛ ኣብሲላ እናቐረበት ትምህርቶም ብጽቡቕ ዝከታተሉ የለዉን ማለት ኣይኮነን። ብዙሓት ኣይኾኑ'ምበር ኣለዉ። ኣብ ከምዚ ኩነታት ብጽልዋ መዘና ተለኪሞም ምሉእ ኣድህቦኦም ናብ ስራሕ ጥራይ ብምግባር ካብ ትምህርቲ ዝጐናደቡ ከኣ ኣለዉ። እዚ ከም ኣበርክቶ ይጠቐስ'ምበር፡ ተማሃሮ ካብ ትምህርቶም ክሰናኸሉ ዝጉበሩ ምኽንያታት ብዙሓት ምዃኖም ድማ'ዩ መግለጺ ናይቶም ዘዘራረብናዮም ወገናት ዘረድእ።

“ብሓፈሻኡ ጥምር ኣበልካ ክርአ እንከሎ ግን፡ እዚ ዘርእየና፡ ሕብረተሰብ ነቒሑ እቲ መደብ ፍረ ዝሁብ ውጽኢት እናኾነ ክቕጽል ድርኺት ፈጢሩ እዩ። ዝሓለፈ 30ን ልዕሊኡ ናይ ናጽነት ዓመታት፡ ህዝቢ ብፕሮጀክት ይኹን ብስሩዕ ዝወሃብ መደብ ዕድል ትምህርቲ፡ ንባዕሉ ተጠቒሙ ደቁ ኩሰኩሰሉን ኣብ ዝበጻሕ ኣብጺሑሉን ገና'ውን ይኹስኩሰሉ ኣሎ። ስለዚ ግደ ትምህርቲ ንዓበይቲን መደብ ምጥፋእ መሃይምነትን ንቕሓት ሓፋሽ ኣብ ምብራኽ ኣበርክቶኡ ዕዙዝ ኮይኑ'ዩ ቀጺሉን ገና'ውን ዝቕጽል ዘሎን። ኣብ'ቲ ዝሓለፈ ጽንኩር እዋናት ውድብ ህዝባዊ ግንባር ድሕሪ ናጽነት ድማ መንግስቲ ኤርትራ፥ ነዚ መደብ እዚ ብምሉእ ዓቕሙ ከተግብር ምኽኣሉ፡ ንቐጻልነት ናይዚ መደብ ዓሚቕ ሰረት ከንጽፍ ክኢሉ እዩ።



ኣቶ ትካቦ ኣይሙት

ይቕጽል...





# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ክረምታዊ ውድድር ግራስ ሩት . . .



ካልኣይ ዙርያ በጺሑ ዘሎ ክረምታዊ ውድድር ግራስ ሩት ዞባ ማእከል፡ ትማሊ ረቡዕ ብጸወታ ኩዕሶ እግሪ ትሕቲ 17 ዓመት ቀጺሉ።

በዚ መሰረት፡ ፓራዳዝን ቴራቮሎን 3-ብ3፡ ኣቦሻውልን ሰረጀቃን 1-ብ1፡ ግዛ ጥንዳን ማይ ተመናይን 0-ብ0 ክፈላለያ እንከለዋ፡ ኣኽርያ ንጎዳይፍ 3-ብ1፡ ገጀረት ንብሪክ 2-ብ0፡ ኣርባዕተ ኣስመራ ንማእከል ከተማ 1-ብ0፡ ጸጸራት ንሰንበል ከምኡ'ውን ዕዳጋ ሓሙስ ንጋሻፍሒ ብተመሳሳሊ 5-ብ1 ስዒረንአን።

ኣብ ናይ ደቂ ኣንስትዮ፡ ፓራዳዝ ንጸጸራት 3-ብ2፡ ኣኽርያ ንጋሻ ፍሒ 5-ብ0፡ ገጀረት ንቴራቮሎ 3-ብ1፡ ግዛባንዳ ንጎዳይፍ 2-ብ0 ስዒረንአን።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ብሰሉስ ኣብ ዝተሰላሰለ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ትሕቲ 15 ዓመት፡ ኣቦሻውል ንሰረጀቃ 5-ብ0፡ ጋሻ ፍሒ ንዕዳጋ ሓሙስ 1-ብ0፡ ኣርባዕተ ኣስመራ ንሰምበል 5-ብ1፡ ጎዳይፍ ንኣኽርያ 4-ብ1፡ በሪክ ንገጀረት 1-ብ0 ስዒረንአን። ቴራቮሎን ፓራዳዝን 2-ብ2፡ ግዛ ጥንዳን ማይተመናይን ከምኡ'ውን ጸጸራትን ማእከል ከተማን ብተመሳሳሊ 1-ብ1 ተፈላልየን።

ብወገን ደቂ ኣንስትዮ፡ ኣርባዕተ ኣስመራ ንኣኽርያ 4-ብ1፡ ጎዳይፍ ንፓራዳዝ 3-ብ0፡ ኣቦሻውል ንብሪክ ማይ ተመናይ ንዕዳጋ ሓሙስ 4-ብ0 ኣፋንጀወንአን።

እዚ ውድድር፡ ሎሚ ሓሙስ'ውን ብጸወታ ኩዕሶ እግሪ ትሕቲ 13 ዓመት ክቕጽል ምዃኑ፡ ህዝባዊ ርክብት ናይቲ ውድድር ሓቢሩ።

## ማድሪድ፡ ድሕሪ ሮድሪ ናብ ዙቢመንዲ



ንኣከፋፋሊ ማን ሲቲ - ሮድሪ ንምፍራም ዝጸበ ድሌት ዘይሰመረላ ዓባይ ስጳኛዊት ክለብ ሪያል ማድሪድ፡ ኣብዚ እዋን ጠመተኣ ናብ ኣከፋፋሊ ኣርሰናል ማርቲን ዙቢመንዲ ኣዚራ ኣላ - ብመሰረት መርበብ ሓበሬታ ጎል።

ማድሪድ፡ ድሕሪ'ቲ ስጳኛ ዋንጫ ዓለም 2026 ምዕታራ፡ ንሓለቓ ናይዛ ጋንታ - ሮድሪ ከተፈርሞ ዘኩኣላ ገይራ እያ።

እንተኾነ እዚ ስጳኛዊ ተጻዋታይ፡ ምርጫኡ ማድሪድ ዘይትኮነት እታ ቀንዲ መቐናቕንታ ባርሰሎና ምዃና ብወግዒ ድሕሪ ምሕባሩ፡ ካብቲ ማስርሕ ክተንስሕብ ተቐሲባ እያ።

ኣብዚ እዋን ግና፡ ኣቓልቦኣ ናብ ዙቢመንዲ ገይራቶ ትርከብ፡ ኣከፋፋሊ ዝዛደን ዘሎ ዓለሚ ናይዛ ጋንታ - ሆዘ ሞሪኖ፡ ንፕረዚደንቶም ፍሎረንቲኖ ፐረዝ ናብዚ ማስርሕ ክኣቱ ይደፋፍኦ ኣሎ።

ዝሓለፈ ዓመት ካብ ሪያል ሶሴዳድ ናብ ኣርሰናል ዝተጸምበረ - ዙቢመንዲ፡ ብቕልጡፍ ሓደ ካብ ኣገደስቲ ኣባላታ ክኸውን ክኢሉ እዩ። እዚ ወዲ 27 ዓመት ስጳኛዊ፡ ኣብ ኩሉ (38) ግጥማት ፕሪመር ሊግ ብምስላፉ'ውን ኣርሰናል፡ ድሕሪ 22 ዓመት ዋንጫ ፕሪመር ሊግ ከተልዕል መሪሕ ተራ ተጻዊቱ።

ብኣንጻሩ፡ ከም ግምት ብዙሓት፡ ኣርሰናል፡ ኣብዚ ክረምቲ ንኣከፋፋሊ ኒውካስል - ብሩኖ ጊማሪሽ ብምፍራሙ ቀጺሊ ናይ ምስላፍ ዕድል ዘብመንዲ ዘሰሑ እዩ። እዚ እናኾነ ግና፡ ኣርሰናል፡ ነዚ ኣባል ዕውትቲ ዋንጫ ዓለም 2026 ዝኾነት ሃገራዊት ጋንታ ስጳኛ ዝኾነ ኣከፋፋሊ፡ ክትለቕ ድሌት የብላን።

ብኻልእ መዳይ ድማ፡ እዚ ንኣርጀንቲና 1-ብ0 ኣብ ዝሰዓረሉ ናይ ፍጻመ ጸወታ ዋንጫ ዓለም 2026 ንርድሪ ተኪኡ ዝኣተወ ዙቢመንዲ፡ ኣብዚ እዋን ክልተ ዕድላት ከምዘለዎ'ውን ይግለጽ። ቀዳማይ ምኽታ ኣብ ዝስለፎ ቦታ ልዑል ወጻኢ ብምግባር ተጻዋታይ ኣፈሪማ ዘላ ጋንታኡ ተሰማሚዑ ቦታኡ ንምውሓስ ክቃለስ፡ ካልኣይ ድማ ናብታ ክትገዝኦ ድሌት ኣርኢያ ትበለ ዘላ ሪያል ማድሪድ ዝጸምበረሉ መገዲ ምምችቻእ።

## "ባባ፡ ድሕረኻ እንታይ ከምዝገብር ኣይፈልጥን እየ" መሲ




ኣርጀንቲናዊ ብርቂ ተጻዋታይ ኩዕሶ እግሪ - ሊዮኔል መሲ፡ ጥሮታ ክወጽእ ከምዝኽእል ኣሚቱ - ድሕሪ ሞት ወላዲኡ ጆርጅ።

ኣብ ናይ መሲ ናይ ጸወታ ግዜኡ ልዑል ተራ ዝነበሮ ጆርጅ፡ ድሕሪ ነዊሕ ሕማም፡ ዝሓለፈ ዓርቢ ኣብ መበል 68 ዓመቱ ምዕራፉ ይዝከር።

መሲ፡ ኣብ ዋንጫ ዓለም 2026 ክሳብ ፍጻመ ኣብ ዝበጽሓሉ፡ ኣቦኡ ብሰንኪ ጥዕና ምስኣን ይሳቐ ነይሩ። ኣቡቲ ኣብ ልዕሊ ኣልጀሪያ ሰለስተ ሸቶታት ኣብ ዘመዝገበሉ ናይ መኽፈቲ ጸወታ ክሉበ ዝቖሰቦ ከኣ፡ እዚ ጉዳይ'ዚ ምዃኑ ይፍለጥ።

መሲ፡ ድሕሪ ሞት ኣቦኡ ትማሊ ብመገዲ ማሕበራዊ መራኸቢኡ ኣቢሉ ኣብ ዝሰደዶ መልእኽቲ፡ ናይ ጸወታ ግዜኡ ኣብ ምልክት ሕቶ ዘእቱ ነይሩ።

"ባባ፡ ክሳብ ሕጂ ክኣምን ኣይከኣልኩን። ክቕበሎ ኣይደለይን እየ። ዳሞግጋይ ከምዝይርእየካን ከምዝይዛረበካን ክሓስቦ ኣዝዩ ከቢድ እዩ። እፈልጥ እየ ብዙሕ ተሳቒኻ ኢኻ፣ እንተኾነ ኣዚኻ ቀልጢፍካ። ብድሕረኻ እንታይ ከምዝሰርሕ ኣይፈልጥን። ኩዕሶ እግሪ ጥራይ እየ ዝፈልጥ፣ ሕጂ ግና ንዓዊሕ እዋን ክቕጽሎ ደየ . . ጥርጣረ ኣለኒ። ካብ መጀመርያ ኣብ ጎድነይ ኔርካ። ስለምንታይ ቁሩብ ዘይትጸንሕ፣ ብሓባር ክንውድእ ንኽእል ኔርና እንዲና" ክብል ጽሒፉ።

ኣቐዲሙ ካብ ጸወታ ክሩና ዝሓሰበ መሲ፡ ሓሳቡ ቀይሩ ኣብ ዋንጫ ዓለም 2026 ንኽጻወት፡ ኣቦኡ ከምዝደፋፍኦ እዩ ኣብሪሁ። ጆርጅ፡ ካብ ፈለማ ናይ ጸወታ ጀሚሩ ንመሲ ወኪሉ እዩ ነይሩ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ብዙሓት ወገናትን ናይ ቅድም ክለባትን ንመሲ ናይ ጽንዓት ይሁብካ መልእኽቲ ኣብ ዝሰዱሉ ዘለዉ እዋን፡ ናይ 20 ዓመታት መወዳደርቱ ክሪስቲያኖ ሮናልዶ'ውን "ኣብዚ ከቢድ ግዜ ንዓኻን ንስድራቤትካን ዓቢ ጽንዓት እምነ። በርትዕ ሊዮ።" ዝብል መልእኽቲ ሰዲዱሉ።

## ዕጫ ሻምፕዮን ክለባት ኤርትራ ወዲቑ

ዕጫ ሻምፕዮን ክለባት ደቂ ተባዕትዮ ኤርትራ 2026፡ ብቕድሚ ትማሊ (ሰሉስ)፡ ኣብ ኣስመራ ኣዳራሽ ኣፍሪቃ ኦሎምፒክ ወዲቑ።

ኣብዚ 12 ክለባት ዝሳተፋሉ ውድድር፡ ኣብ ክልተ ምድባት ተኸፋፊለን ኣለዋ። ኣብ ምድብ 'ሀ'፡ ኣልኣሰርን ሳሳለን - ዓንሰባ ደንካልያ - ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ኣቖርደት - ጋሽ ባርካ፡ ከምኡ'ውን ቀይሕ ባሕርን ኣልታሕሪርን ካብ ዞባ ማእከል፡ ተደላዲለን ኣለዋ።

ኣብ ምድብ 'ለ' ድማ፡ ሰሚንቶ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ደንደንን ኣዱሊስን - ማእከል፡ ዓንሰባን ኣልሂላን ካብ ዞባ ዓንሰባ ከምኡ'ውን ናይ ዞባ ደቡብ ጋንታ ሰንዓፈ ተራኺበን ኣለዋ።

እዘን ጋንታታት፡ ንሓድሕደን ምስ ተራኸባ (ሓንቲ ጋንታ ሓሙሽተ ጸወታታት ከተካይድ እያ)፡ ዝለዓለ ነጥቢ ብምውህላል ቀዳመይቲን ካልኣይቲን ዝወጻ ጋንታታት፡ ካብ ምድበን ክሓልፋ እየን። ቀዳመይቲ ናይ ምድብ 'ሀ' ምስ ካልኣይቲ ናይ ምድብ 'ለ'፡ ብተመሳሳሊ ቀዳመይቲ ናይ ምድብ 'ለ' ምስ ካልኣይቲ ናይ ምድብ 'ሀ' ኣብ ፍርቂ ፍጻመ ክገጥማ እየን። ዝተዓወታ ናይ ፍጻመ፡ ዝተሳዕራ ድማ፡ ናይ ደረጃ ጸወታ ከካይዳ እየን።

እዚ ሃገራዊ ውድድር፡ ሓሙስ 20 ነሓሰ፡ ኣብ ስታድዩም ከረን ብጸወታ ቀይሕ ባሕርን ኣልታሕሪርን ሰዓት 11:30 ቅ.ቀ ክፍለም እዩ። 4 መስከረም ከኣ፡ ናይ ፍጻመ ጸወታ ብምስልሳል ክዛዘም እዩ።

## ጌጋ ሓበሬታ ዝሃበ ጋዜጠኛ ተኣሲሩ




በርሃን ቻን ተርዚ ዝስሙ ቱርካዊ ናይ ስፖርት ጋዜጠኛ፡ ኣብ ጉዳይ መስርሕ ምስግጋር ጀርመናዊ ተጻዋታይ ጀማል ሙሲያላ፡ 'ህዝቢ ዘደናግር ሓበሬታ ዘርጊሑ' ተባሂሉ ተኣሲሩ።

በርሃን፡ ቱርካዊት ክለብ ጋላታሳራይ፡ ንሙሲያላ ከምዘፈረመቶ ድሕሪ ምሕባሩ እዩ፡ ብፖሊስ ሃገሩ ተሓቢሱ።

ድሕሪ ዝተገብረሉ መርመራ ካብ ቤት ማሕዩር ዝተለቐ እዚ ጋዜጠኛ፡ በዚ ዘርገሖ ሓበሬታ ከምዘይተጣዐሰ ብምሕባር፡ ካብ ዝተፈላለዩ ምንጪታት ዝረኸቦ ምዃኑን ንሓበሬታኡ ከምዝኣምኖን ገሊጹ።

## በሽኪታሽ፡ ንቬላሆቪች ኣፈሪማቶ

ቱርካዊት ክለብ በሽኪታሽ፡ ንዱሳን ቭላሆቪች ብናይ ሰለስተ ዓመታት ውዕል ኣፈሪማቶ።

እዚ ሰርቢያዊ ኣጥቃዓይ፡ ዝሓለፈ 30 ሰነ ምስ ክለቡ ጁቨንቱስ ዘለዎ ውዕል ድሕሪ ምዝዛሙ፡ ናጻ ተጻዋታይ […] ጸኒሑ።

ብዙሓት ክለባት ኤውሮጳ […] ክፍርማኦ ድሌት'ኳ ኣርእየን […] እንተነበራ፡ ዓመታዊ ክኽፈሎ […] ዝጠለቦ መሃያ ትደፍሮ ክለብ […] ግና ኣይነበረትን።

ብመሰረት ጸብጻባት፡ ሎሚ […] ሓሙስ ሕክምናዊ መርመራ […] ዘካይድ - ቭላሆቪች፡ ዓመታዊ […] ሸሞንተ ሚልዮን ዩሮ (ምስ ብቕዓቱ ተታሓሒዙ ክሳብ 10 ሚልዩን ዩሮ) ብዝኽፈሎ መስርሕ፡ ናብ በሽኪታሽ ተጸምቢሩ ኣሎ።



እዚ 1.90 ሜትሮ ዝቐመቱ ወዲ 26 ዓመት ተጻዋታይ፡ ኣብዚ ክለብ ምስ ናይ ቅድም ዓሎሚኡ - ቪንቸንዞ ኢታሊያኖ ክሰርሕ እዩ። ክልቲኦም ኣብ ኢጣልያዊት ክለብ ፊዮረንቲና ብሓባር ንሓደ ወቕቲ […] ሰሪሖም ነይሮም። ቪንቸንዞ ክኣ፡ ኣብ ምእማን ቭላሆቪች ልዑል ተራ ምጽዋቱ ይግለጽ።

## ማን ሲቲ፡ ንሩሊ መኪሳቶ



እንግሊዛዊት ክለብ ማን ሲቲ፡ ንመስርሕ ምስግጋር ሓላዊ ልዳት ክለብ ማርሴ - ጀሮኒሞ ሩሊ፡ ትማሊ ኣብ መፈጸምታ ከምዝበጽሓቶ ሓቢራ።

እዚ ወዲ 34 ዓመት ኣርጀንቲናዊ ሓላዊ ማዕጾ፡ ኣብ 2016-17 ኣባል ናይዛ ክለብ ነይሩ፣ እንተኾነ፡ ሓንቲ ጸወታ ከየካየደ፡ ብናይ ክልተ ዓመታት ናይ ልቓሕ መስርሕ፡ ናብ ሪያል ሶሴዳድ ተሰጊጊሩ። ብኡ ኣቢሉ'ውን ቀዋሚ ኣባላ ኮይኑ ክሳብ 2020 ተሰሊፉላ።

ሲቲ ንሩሊ ዳግማይ ትመልሶ ዘላ፡ መተካእታ ሓላዊ ልዳታ - ጀማስ ትራፎርድ ክኾና እያ። ትራፍርድ፡ ብ45 ሚልዮን ፓውንድ፡ ናብ ሊደስ ዩናይትድ ምስግጋሩ ይፍለጥ።

ድሕሪ ጂያንሉጂ ዶናሩማ ካልኣይ ሓላዊ ማዕጾ ናይዛ ጋንታ ዝኸውን - ሩሊ፡ 1.7 ሚልዮን ፓውንድ ወጺኡ ተገይሩሉ። ክሳብ ክረምቲ 2028 ዝጸንሖ ናይ ክልተ ዓመታት ውዕል ድማ ፈሪሙ።

# ዜና ዓለም

ማርታ ክብሮም

## ኢራን ንመግለጺ ትራምፕ ነጺጋ

ኢራን፡ ነቲ ኣመራጻ ንመጻብጦ ሆርሙዝ ከም እተቐጻጸረቶ ብፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ ዝተዋህበ መግለጺ ነጺጋቶ።

ሓላፊ ላዕለዋይ ቤት ምኽሪ ሃገራዊ ድሕነት ኢራን - ሞህሰን ረዛይ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ "ኣመሪካ ባህርያታ ክሳብ ዘይቀየረትን ነቲ ኣብ ባይታ ዘሎ ወድዓዊ ኩነታት ኢራን ክሳብ ዘይተቐበለትን፡ መጻብጦ ሆርሙዝ ፈጺሙ ኣይክኽፈተትን'ዩ" ክብል ኣጠንቂቑ። ኣመሪካ ብኢራን ንዝቐረበላ ጠለባት ክሳብ እትቕበል፡ እቲ ስትራተጂያዊ መጻብጦ ንመራኽብ ዕጹው ኮይኑ ከም ዝጸንሕ'ውን ኣጺሩ።

ናብ ዕዳጋታት ዓለም ካብ ዝቐርብ ሓደ ሕምሲት ኖዳዲን ተፈጥሮኣዊ ጋዝን ዝሓልፈሉ መጻብጦ ሆርሙዝ፡ ኣመሪካን እስራኤልን ኣብ ልዕሊ ኢራን መጥቃዕቲ ድሕሪ ምጅማረን ብኡ ንብኡ ከም እተዓጽወ ኣይርሳዕን።

ከም ሳዕቤኑ፡ ኣብ ልዕሊ በቲ ማያዊ መስመር ዝሓልፋ ንግዳውያን መራኽብ ተደጋጋሚ መጥቃዕቲ ይፍጸም ከም ዘሎ ይግለጽ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ብኢራን ዝድገፍ ዕጡቕ ጉጅለ ሑቲ፡ ኣብ መጻብጦ ባብ ኤል-መንደብ ኣብ ልዕሊ ናይ ሰዑዲ ዓረብ መርከብ ብዘፈጸሞ መጥቃዕቲ ሽዱሽተ ኣባላት ናይታ መርከብ ከም እተቐትሉ፡ ሰብ መዚ የመን ሓቢሮም።



## ዩክሬን፡ ኲናት ንምቁራጽ ናብ ኣመሪካ እማመ ልኢኻ



ፕረዚደንት ዩክሬን ቮሎዲሚር ዘለንስኪ፡ ሃገሩ ነቲ ምስ ሩስያ እተካየዶ ዘላ ንልዕሊ ኣርባዕተ ዓመታት ዝቐጸለ ኲናት ደው ንምባል ዝዓለመ ሓድሽ እማመታት ናብ ኣመሪካ ከም ዝለኣኸት ሓቢሩ።

ፕረዚደንት ዘለንስኪ፡ "እማመታትና ናብ ኣመሪካ ልኢኽና ኣለና፡" ክብል ገሊጹ።

ንሱ ቀጺሉ፡ ኣመሪካ ኣብ ርእሲ'ቲ ኣብ ልዕሊ ሩስያ እትገብሮ ዘላ ጸቕጢ፡ ማዕረ ማዕረኡ'ውን ንስርዓት ምክልኻል ኣየር ሃገሩ ዘሐይል ስጉምትታት ክትወስድ ጸዊዑ።

ኣብ መወዳእታ እቲ ፕረዚደንት፡ ሩስያ'ውን ኣብ ከንዲ ነቲ ኲናት ንምንዋሑ፡ ንምቁራጹ ክትዓሎ ኣተሓሳሰበ።

እንተኾነ፡ ዘለንስኪ፡ ብዛዕባ እቲ እማመታት ኣመልኪቱ ዝኾነ ዝርዝራዊ ሓበሬታ ካብ ምሃብ ተቖጢቡ ከም ዘሎ እዩ ዝግለጽ።

ነቲ ደማዊ ኲናት ንምዕራፍ መንገኛታት ኮይኖም ዝሰርሑ ዘለዉ ልኡኻት ኣመሪካ ስቲቭ ዊትኮፍን ጃረድ ኩሽነርን፡ ኣብ ዝሓለፈ ጥሪ ናብ ሩስያ'ኳ በጺሖም እንተ ነበሩ፡ ናብ ዩክሬን ግና ክሳብ ሕጂ ኣይበጽሑን ዘለዉ - ብመሰረት ጸብጻባት።

ኣብ 2022 ዝጀመረ ኲናት ሩስያን ዩክሬንን ንምቁራጹ ዝተበገሰ ዝርርባት፡ ኣመሪካን እስራኤልን ኣብ ልዕሊ ኢራን ኲናት ካብ ዝጀምራ ንደሓር ደው ኢሉ ከም ዝጸንሐ ዝፍለጥ እዩ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ትማሊ ረቡዕ ሩስያ ኣብ ልዕሊ ዩክሬን ብዘካየደቶ መጥቃዕቲ ድሮን ኣርባዕተ ሰባት ከም እተቐትሉ፡ ሰብ መዚ ዩክሬን ሓቢሮም።

## ሰሜን ኮርያ፡ ባሊስቲካዊ ሚሳይል ወንጪፋ

ሰሜን ኮርያ፡ ትማሊ ረቡዕ ባለስቲካዊ ሚሳይል ናብ ምብራቓዊ ገማግም ባሕሪ ደቡብ ኮርያ ከም ዝወንጨፈት፡ ሰብ መዚ ደቡብ ኮርያን ጃፓንን ሓቢሮም።

እቲ ፍጻመ፡ ሓባራዊ ወተሃደራዊ ልምምድ ደቡብ ኮርያን ኣመሪካን ክጅመር ቀሩብ መዓልታት ጥራይ ተሪፉዎ ኣብ ዘለወሉ ግዜ እዩ ዘጋጥም ዘሎ።

ሰብ መዚ ደቡብ ኮርያ፡ ሰሜን ኮርያ ኣብ ውሽጢ ሰሙን ንመበል ካልኣይ ግዜኣ ባለስቲካዊ ሚሳይል ትውንጭፍ ከም ዘላ ኣረዲኦም።

ሆንግ ሚን ዝተባህለ ሓደ ተመራማሪ ደቡብ ኮርያ ብወገኑ፡ ምውንጫፍ ናይቲ ባለስቲካዊ ሚሳይል፡ ኣካል ናይ'ቲ ሰሜን ኮርያ ትደፍኣሉ ዘላ መደብ ፈተነ ምምዕባል ሓደስቲ ኣጽዋር ክኸውን ከም ዝኽእል ገሊጹ።

ሰሜን ኮርያ፡ ብዛዕባ እቲ ዝወንጨፈቶ ባለስቲካዊ ሚሳይል ኣመልኪታ ዝሃበቶ መግለጺ እኳ እንተ ዘየሎ፡ ንኒኩሌሳዊ ህርፋን ደቡብ ኮርያን ጃፓንን ብትሪ ነቒፋ ኣላ።

እታ ሃገር ኣብዚ ዓመት ተካይዶ ዘላ ተኸታታሊ ፈተነታት ኣጽዋር፡ ናይ ሓጺር ርሕቀት ባለስቲክ ሚሳይላት፡ ሮኬታትን ካልእ ኣጽዋራትን ዘጠቓለለ ምዃኑ እዩ ዝግለጽ።

ብመሰረት ጸብጻባት ደቡብ ኮርያ፡ እቲ ናይ ትማሊ ረቡዕ ፈተነ፡ ኣብ 2026 ጥራይ እታ ሃገር ዘካየደቶ መበል 11 ፈተነ ባለስቲካዊ ሚሳይል ኮይኑ ኣሎ።

ደቡብ ኮርያን ጃፓንን ነቲ ፈተነ ብትሪ ኰኒነኦ ኣለዋ።



## ኮሎምብያ - ቁጽሪ ግዳያት ምንቅጥቃጥ መሬት ወሲኹ

ሰራሕተኛታት ህይወት ኣድሕን ኮሎምብያ፡ ኣብ ምዕራባዊ ክፋል ናይታ ሃገር ኣብ ትሕቲ ፍርስራስ ህንጻታት ተደቢዮም ንዝርከቡ ግዳያት ንምድሓን ኣብ ዝጽዕሩሉ ዘለዉ ግዜ፡ ቁጽሪ በቲ ባህርያዊ ሓደጋ ናይ ዝሞቱ ሰባት ናብ 250 ክብ ከም ዝበለ ገሊጾም።

እቲ ኣብ ታሪኽ ናይታ ሃገር ዝኸበደ ምዃኑ እተገልጸ 7.4 ሬክተር ዝዓቐኑ ምንቅጥቃጥ ምድሪ፡ ከቢድ ሰብውን ንዋታውን ጉድኣት ኣውሪዱ ከም ዘሎ እዮም ሰብ መዚ ናይታ ሃገር ዘረድኡ።

በቲ ምንቅጥቃጥ ብዙሕ መንበሪ ኣባይቲ ብምዕናው፡ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ዜጋታት ብዘይ መጽለሊ ተሪፎም ከም ዘለዉ'ውን፡ ሮይተርስ ኣመልኪቱ።

ብዘይካ'ዚ፡ በቲ ሓደጋ ብዙሓት ቁሸታት ብዘይ ሓይሊ ኤለክትሪክ ብምትራፈን፡ ነበርተን ንማሕበራ-ቁጠባዊ ጸገማት ተቓሊዖም ከም ዘለዉ፡ ሮይተርስ ወሲኹ ሓቢሩ።

ሓድሽ ፕረዚደንት ኮሎምብያ ኣቤላርዶ ደ ላ ኤስፕሪዬላ፡ ናብ'ተን በቲ ምንቅጥቃጥ ዝተሃስያ ዞባታት ድሕሪ ምብጻሑ፡ ንስድራ ግዳያት ናይቲ ሓደጋ ቁጠባዊ ደገፍ ከም ዝገብር ቃል ኣትዩ።



## ዚምባብወ - ጃልባ ብምግምጣላ 15 ሰባት ሞይቶም



ኣብ ደቡብ ዚምባብወ ኣብ ዝርከብ ቀላይ ካሪባ፡ ዝሓለፈ ሰሉስ ልዕሊ ዓቕን ተሳፈርቲ ጸዒና ትጓዓዝ ዝነበረት ጃልባ ብምግልባጣ፡ ብውሕዱ 15 ሰባት ክሞቱ እንከለዉ ካልኦት ልዕሊ 27 ሰባት ድማ ደሃዮም ጠፊኡ ከም ዘሎ፡ ሰብ መዚ ናይ'ታ ሃገር ሓቢሮም።

እታ ጃልባ ብሰንኪ ሓያል ማዕበል ድሕሪ ምግምጣላ፡ 77 ሰባት ክድሕኑ ከም ዝኸኣሉ'ውን እቶም ሰብ መዚ ወሲኾም ኣመልኪቶም።

እታ ጃልባ፡ ኣብቲ ከባቢ ኣገልግሎት ህዝባዊ መጓዓዝያ ክትህብ ዝጸንሐት ኮይና፡ ኣብ እዋን'ቲ ሓደጋ ልዕሊ ዓቕማ፡ ማለት 110 ሰባት ጸዒና ከም ዝነበረት እዮም እቶም ሰብ መዚ ዝገልጹ።

ፖሊስ ዚምባብወ ብወገኑ፡ ኖቶም ደሃዮም ጠፊኡ ዘሎ ተሳፈርቲ ንምርካብ ጻዕርታት ይቕጽል ከም ዘሎ ሓቢሩ።

ሓደ ናይ ዓይኒ ምስክር ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እታ ጃልባ ኣዝዩ ሕማቕ ኩነታት ኣየር እንከሎ ከም እተበገሰትን፡ ብሰንኪ ኣብ መንገዲ ዘጋጠማ ሓያል ማዕበል ሞተርኣ ብምጥፍኡ ክትግልበጥ ከም ዝኸኣለትን ኣረዲኡ።

ኣብ ደቡብ ዚምባብወን ዛምብያን ዝርከብ ቀላይ ካሪባ፡ ካብ ሃራረ - ርእሰ ከተማ ዚምባብወ ኣስታት 300 ኪሎ ሜተር ርሒቑ ይርከብ።


| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ዳሉል | 13/08/2026 | ጎደና ሓርነት ቁ.158፡ ፊት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ | 125254 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565


Sabur Printing Services